## 321 ናትና ፍቕሪ ስሒብዎ

ካብ ሰማይ ሰማያት ናብ ምድሪ ወሪዱ
ንደቂ ሰባት ኢሉ ተዋሪዱ
ሓጢኣት ዘይባህርዩ ብኣምላኽነቱ
ንምንታይ ተሰቒሉ ኣብ ማእከል ሸፋቱ
ናትና ፍቕሪ ስሒብዎ
ተሰቒሉ ኣብ ቀራንዮ ኃቦ (2)
ኣዲኡ እንታይ በለት ሓቑፋ ዘዕበየት
ፈቐዶ በረኻ ምስኡ ዝተሰደት
እንታይ ኢዩ ገይሩ እንታይ'ዩ በዲሉ
መላእ ኣካላቱ ብገመድ ቆሲሉ
ናትና ፍቕሪ …
ቀላያት ኩሎም ዝግዝኡሉ
ንደቂ ሰባት ማይ ጸሚኡኒ'ሉ
ደምን ረሃጽን ብገጹ እናወረደ
ክትበኪ ረኣያ እታ ርህርህቲ ኣደ
ናትና ፍቕሪ …
መከራ ከይፈርሐ ዝተኸተለ
ዮሓንስ በኸየ ወይለይ እናበለ
ክሳዕ መወዳእታ ብትብዓት ዝሰዓቦ
እነሃ ኣዴኻ ኢሉ ንዮሓንስ ሃቦ
ናትና ፍቕሪ …



## 322 ነዚ ኹሉ ጸጋ

ነዚ ኹሉ ጸጋ ዝተዓደልኪ ኣደ
ንዓለም ዘድሓንኪ ንጽህት እመቤት
ክብርኺ ብዙሕ እዩ ኪዳነ ምሕረት (2)

ካብ ፍጡራን ንላዕሊ፥ ቅድስና
ቃል ሰብ ዘይገልጾ፥ ልዕልና
ጊዜ ዘይስዕሮ፥ ድንግልና

ነዚ ኩሉ ጸጋ …

ንማንም ዘይተዋህበ፥ ቅድስና
ካብ ኵሎም መላእኽቲ፥ ልዕልና
ብነቢያት ትንቢት፥ ድንግልና

ነዚ ኩሉ ጸጋ …

ኣብ ልዕሊ መላእኽቲ፥ ቅድስና
ኣብ ትሕቲ ፈጣሪ፥ ልዕልና
ካብ ኵለን ኣንስቲ፥ ድንግልና

ነዚ ኩሉ ጸጋ ዝተዓደልኪ ኣደ
ንዓለም ዘድሓንኪ ንጽህት እመቤት
ክብርኺ ብዙሕ እዩ ኪዳነ ምሕረት (2)

323 **ተዋህዶ ተዋህዶ ተዋህዶ**

ተዋህዶ ተዋህዶ ተዋህዶ (2)
ሃይማኖትስ ተዋህዶ ደኣ (2)
ድሕነት ስጋ ድሕነት ነብሲ ኣብኣ (2)

እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቅሪ ጸጊዐን ዝነብራ
ሰለስቲኣን ኣይትረስዑ ተዋህዶ (2)

ኣቦይን ኣነን ሓደ ኣካል ኢና
መንፈስ ቅዱስ ሳልሳይና ተዋህዶ (2)

መቅደንዮስ ወድቀ ኣርዮስ ተመሲሉ
መንፈስ ቅዱስ ህጹጽ ኣካል ኢሉ (2)

ንስጥሮስ ተኣቕጸ(ወድቀ) ክልኤ ባህርይ ኢሉ
ፓፓልዮን ክልተ ፊደሉ ተዋህዶ (2)

ጎይታ ዝሸመኩም ቤተ ክርስቲያኑ
ክትሕልዉ ኣይትዘንግዑ ተዋህዶ (2)

ቀዳመይቲ ጥበብ እግዚኣብሔር ምፍራህ
ብሓበራ ከይንሓድጋ ተዋህዶ (2)
ተዋህዶ ተዋህዶ ተዋህዶ (2)
ሃይማኖትስ ተዋህዶ ደኣ (2)
ድሕነት ስጋ ድሕነት ነብሲ ኣብኣ (2)



324 **ነዓ ነዓ፡ ሚካኤል መልኣክ**

ነዓ ነዓ፡ ሚካኤል መልኣክ፡
ብግዜ በዓልካ፡ ባርኽ ጉባኤና፡
ብሥጋን ብነፍስን፡ ንኽትሕልወና፡
ይመስገን ፈጣሪ፡ ናዓኻ ዝሃበና፡
1ይ ቆሮ፡ 13፡13

መናፍቃን ደንገጹ፡ ድምጽኻ ምስ፡ ሰምዑ፡
ስእልኻ ከይስዕሙ፡ እናወጹ ጠፍኡ፡
(ታቦትካ / መስቀልካ / ድርሳንካ ከይስዕሙ፡ እናወጹ ጠፍኡ) ዮሃ 10:30

መታን ክጠዓሱ፡ መታን ክንስሑ፡
ጎይታ ልቢ ይሃቦም፡ ፋዲሞም ክነጽሁ፡

ክንደይ ሰናይ እዩ፡ ክንደይ ጽቡቕ ነይሩ፡
ኣሕዋት ብሃይማኖት፡ ሓቢሮም ክነብሩ፡

ብምጽኣት መዓልቲ፡ ምስተ ነፍሐ ቀርን
ነብሲ ተንቀጥቀጠት፡ ተኣስረ ልሳን፡
ግብ ሃዋ 20፡28

ብፍርዲ መዓልቲ፡ ጠጠው ብዝበልና፡
ኣብ ቅድሚ ፈጣሪ፡ ዋሕስ ክትኮነና፡
ምግባርናን ስራሕናን፡ ሒዝና ምስቀረብና፡ መዝ 110፡10
ናብ መድሃኔ ዓለም፡ በጃ ናይኸልና፡

ማንም ንጹህ የለን፡ ጎይታ ኣብ ቅድሜኻ፡
ምግባርስ የብልናን፡ ምሕረት ግን ካባኻ።

### 325 በጃ ዝኾነና

በጃ ዝኾነና መድሃኔ ዓለም
ምስጋና ይኹኖ ንዘልዓለም
ብደሙ ዘርሓቐ ኣበሳ ናይ ህዝቡ

ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ወልደ እግዚኣብሔር ቃል'ዩ

ዕልል ንበል ንወልደ ማርያም ንመድሃኔ ዓለም
ሓድሽ ቅኔ ኩላትና ንዘምር ንኽብሪ እግዚኣብሔር (2)
በጃ ዝኾነና መድሃኔ ዓለም
ምስጋና ይኹኖ ንዘለዓለም
ብደሙ ዘርሓቐ ኣበሳ ናይ ህዝቡ
ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ወልደ እግዚኣብሔር ቃል'ዩ

ንስገደሉ ንባህርይ ኣምላኽ ወልደ ኣብ ክርስቶስ
ብመስቀሉ በደልና ደምሲሱ ዝሃበና ህይወት (2)

ምእንቲ ድሕነትና ንወዳ ትልምን
ንቅድስቲ ኣዴና ኩልና ነመስግን
ጸልማት ከይንርኢ ተስፋ ዝኾንክና
ብኢድ ዮሐንስ ንዓኺ ረኺብና

ሰጊድ ሰላም ንድንግል ማርያም ምልእተ ጸጋ
ተወሊዱ ካብ ቅዱስ ማህጸንኪ ኣልፋ ወኦሜጋ (2)

በጃ ዝኾነና መድሃኔ ዓለም
ምስጋና ይኹኖ ንዘለዓለም
ብደሙ ዘርሓቐ ኣበሳ ናይ ህዝቡ
ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ወልደ እግዚኣብሔር ቃል'ዩ (3)



### 326 ለምንልና

ለምንልና (3) ናይ ኣምላኽ ኣደ (2)
ድንግል ማርያም (2) እህ
ድንግል ማርያም እመ ብዙኃን (2)

ናይ ሓደራ (2) ናይ ቃልኪዳን ናይ ኩላትና ኣደ (2)
መፍቀሪት ሰብ ኢኺ ማዕከን ለውሃት እህ
ጠበቓ ጥቑዓት ልሳን ናይ ድኻታት (2)

ክብሪ'ሎና ጸጋ'ሎና ተስፋ'ሎና ብልማኖኺ (2)
ካብ መዓት ናይ ሰዶም ናይ ጐመራ እህ
መድሓኒት ዝሓደገልና ይመስገን ጐይታና (2)
ለምንልና ...

### 327 ነዚ ጉባኤና ባርኮ ጐይታና

ነዚ ጉባኤና ባርኮ ጎይታና (2)

ሰላም ሂብካ ፍቅሪ ሂብካ ሎሚ ንኹላትና (2)

ሰላም ናይ ኣብ ናይ ወልድ ናይ መንፈስ ቅዱስ (2)

ይሕደረና ብመስቀሉ ናይ ክርስቶስ ፍቅሪ

ይሕደረና ብመስቀሉ ናይ ማርያም ክብሪ (2)

ናባኻ ክንጽሊ ብሓባር ኩላትና (2)

ኦ ጐይታና ስደደልና'ቲ መንፈስ ቅዱስካ (2)

328 **ጐሥዓ ልብየ**

ጐሥዓ ልብየ ጥበበ ልቦና (2)

ለውዳሴከ ጥዑመ ዜና፡ ቅዱስ ሚካኤል (2) (ኣዝ)

ንደቂ እስራኤል ቀደምቲ፡ ዘውረድካሎም መና

ብጥሜት ከይሞቱ፡ ብጽምኢ ኣብ በረኻ ሲና፡

ፀሐይ ከይኮኖም ብቀትሪ፡ ጽላሎም ደመና

ጸላም ከይኮኖም ብለይቲ ብደመና ፋና

ካብ ጌጋ መገዲ፡ ሎሚውን ናዓና ምርሓና፡

ካብ ሐጢኣት ባርነት፡ ሎሚውን ናዓና ኣውጽኣና

እስኪ ነመስግኖ ንጎይታ፡ ብሓባር ኵልና፡ (መዝ 50፡14)

እንታይዶ ይጽበ'ዩ፡ ካባና፡ ብዘይካ ምስጋና (መዝ 50፡23)

ፈዋሲ እስትንፋስካ፡ ባህራን፡ ስለዝተዓገሰ፡

ንሃብታም ኣሕፈሩ፡ ምሕረትካ፡ ባህራን ኣሞገሰ፡

ጦማረ መልእኽቱ፡ ብኣፍካ፡ ብዝተደምሰሰ፡

መቃብር ሠጊሩ፡ ባህራን፡ ገዝኡ ወረሰ፡

እስኪ ከምአብረሃም፡ ኣቦና፡ ጋሻ ተቐበሉ (ዘፍ 18፡1)

እስኪ ከም ኤልያስ፡ ነቢይ፡ ንኣምላኽ ቅንኡሉ

እስኪ ከምያዕቆብ፡ እስራኤል፡ ባርኽና በሉ፡

በረኸት፡ ክረክብ ከኣለ፡ ያዕቆብ ብሓይሉ፡

እስከ፡ ነመስግኖ፡ ንጎይታ፡ ብሓባር፡ ኩልና፡

እንታይ'ዶ፡ ይጽበ'ዩ፡ ካባና፡ ብዘይካ፡ ምስጋና (መዝ 50፡23)



329 **ተዋህዶ**

ተዋህዶ (3) መሠረተ ጽድቅ (2) ተዋህዶ መሰረተ ጽድቅ

ማርያም (3) ርህርህተ ሕሊና (2) ማርያም ርህርተ ህሊና

ሚካኤል (3) ሊቀ መላእክት (2) ሚካኤል ሊቀ መላእክት

ገብርኤል (3) ኣብሳሬ ትስብእት (2) ገብርኤል ኣብሳሬ ትስብእት

ሩፋኤል (3) ፈታሄ ማህጸን (2) ሩፋኤል ፈታሄ ማህጸን

ኡራኤል (3) መልኣከ ሰላም (2) ኡራኤል መልኣከ ሰላም

ራጉኤል (3) መልኣከ ብርሃን (2) ራጉኤል መልኣከ ብርሃን

ጊዮርጊስ (3) ነዓ በፈረስ (2) ጊዮርጊስ ንዓ በፈረስ

እስጢፋኖስ (2) ቀዳሜ ሰማእት (2) እስጢፋኖስ ሊቀ ዲያቆናት

330 **ጻድቃን ሕሩያን**

ጻድቃን ሕሩያን ቡሩካን፡ ትሩፋኑ ምግባር

እለ መነኑ ዓለመ መጠነ ዔሉ

ኢሳይያስ ነቢይ ደመና ቀሊል

(እህ) ዘአልቦ ሙስና

ማርያም ድንግል፡ ወላዲተ አምላክ

ቤዛዊተ ኵሉ ዓለም፡ ንግሥተ ሰማይ ( ወምድር ) በ

(እህ) አልባቲ ሙስና

ሚካኤል ወገብርኤል፡ ሊቃነ መላእክት

ሰአልያነ ምሕረት ወሣህል፡ ለኵሉ ፍጥረት

(እህ) አልቦሙ ሙስና

331 <u>ርኢ ኹም እመኑ</u>

ርኢ ኹም እመኑ ሰባት የእማን ተፈናቐሉ
ኢየሱስ ብፍርቒ ለይቲ ብሓይሉ ሞት ዓወት ጌሩ (2)

ዕልልታ ንዕኡ ይግባእ ንዕኡ ይግባእ
ሓይሊ ሞት ተዋሪዱ ሎሚ ሲኦል'ውን ተሓዋዊሱ (2)

መላእኽቲ ጻዕዳ ለቢሶም ብስራቱ ከበስሩ
ተንሲኡ ኢዩ ኢየሱስ ኢሎም ንዓለም ክነግሩ (2)

ዕልልታ ንዕኡ ይግባእ ዕልልታ ንዕኡ ይግባእ
ሓይሊ ሞት ተዋሪዱ ሎሚ ሲኦል'ውን ተሓዋዊሱ (2)

332 <u>ንሥላሴ ኣመስግኑ</u>

ንሥላሴ ኣመስግኑ (2)
ናይ ምድሪ ፍጥረታት ዘምሩ ዕልል በሉ (2)

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ
ምስጋና ይግባእ ንሥሉስ ቅዱስ
ንዓለማት ኩሉ ዝፈጠረ ጎይታ
ምስጋና ይኹኖ ክሳብ መወዳእታ
ንሥላሴ ኣመስግኑ...

ኪሩቤል ሱራፌል ንዘመስግንዎ
መላእኽቲ ኣብ ሰማይ ንዝዘምሩሉ
ንሕና ደቂ ኣዳም ክንዝምረሉ ኢና
ብሰማይ ብምድሪ ክንጽውዖ ኢና
ንሥላሴ ኣመስግኑ...

እንተ ጠመኹ'ውን ብሥላሴ እጸግብ
እንተ ጸማእኩ'ውን ብሥላሴ እረዊ
ሥላሴ እምባይ'ዮም ከቅርብ ምስጋና
ንዓይ ይመርሑኒ ብጽድቂ ጎደና



333 <u>ኣምላኽ ተወሊዱ</u>

ኣምላክ ተወሊዱ ኣብ ቤተ እንስሳ (2)
ኣራኣያ ንምኳን ምእንታና ኢሉ
ኣብ ቤተ እንስሳ ኣምላኽ ተወሊዱ (2)

ንድሕነትና ኢሉ ኣምላኽ እንተመጸ
ወዲ ሰብ ገዚኡ ክዓጹ መረጸ
ኣይሁድ ሊቃውንቲ ልቦም ተደፊኑ
ብጓሶት እንስሳ ኣምላኽ ተመስገነ (2)
ኣምላክ ተወሊዱ...

ንዓለም ብቓሉ ዝፈጠረ ጎይታ
ተወሊዱ ኣምላኽ ኣብ ምድረ ኤፍራታ
ንዓለም ብቓሉ ካብ ዝፈጠረሉ
ይበልጽ ይደንቕ ናይ ኣምላኽ ልደቱ (2)
ኣምላክ ተወሊዱ...

ኣንቲ ቤተልሔም ዕድለኛ ኢኺ
ሰማያዊ ንጉሥ ተወሊዱ ኣባኺ
ንዓና መሲሉ ስጋ ተዋሂዱ
ርኢናዮ ኣምላኽ ከምሰብ ተወሊዱ (2)

ኣምላኽ ተወሊዱ ኣብ ቤተ እንስሳ (2)
ኣርኣያ ንምኳን ምእንታና ኢሉ
ኣብ ቤተ እንስሳ ኣምላኽ ተወሊዱ (2)

334 ## ገዳም ደብረ ሲና

ተምሳል ገነት ኢ.ኺ. ገዳም ደብረ ሲና
ናይ ሃይማኖት ደብሪ ቦታ ቕድስና
ኣርያማዊት ኢ.ኺ. ዝዘንበልኪ መና
ደብረ ሲሓት ምንጪ ክርስትና (2)

ደው ዝበለ ተምሳል ገነት ኢ.ኺ.
ኣብ ህዋ መቕደሳ ገዳም ደብረሲና
ኣምላኽ ዝሃነጸ ተምሳል ገነት ኢ.ኺ.
ማዕጾኣ መስኮታ ገዳም ደብረሲና
ኣብ ጊዜ ስደቱ ድንግል ምስ ወዳ
መጺእኩም ርኣዩ ዘጽለሉላ ስፍራ (2)

ብድሕሪኡ'ውን ተምሳል ገነት ኢ.ኺ.
ዘይተፈልያ ጸጋ ገዳም ደብረሲና
ምስ ቅዱሳኑ ተምሳል ገነት ኢ.ኺ.
ዝተገልጸ ጎይታ ገዳም ደብረሲና
ሰማዕት እስጢፋኖስ ዝቐደሰላ
ተስዓቱ ቅዱሳን ድንግል ዝረኸቡላ (2)

ኣብርሃ ወኣጽብሃ ተምሳል ገነት ኢ.ኺ.
ዝተጠመቑላ ገዳም ደብረሲና
ብምስጢር ካብ ኣምላኽ ተምሳል ገነት ኢ.ኺ.
ዝተወለድናላ ገዳም ደብረሲና
ኩለን ከባቢ.ና ካብ ዝምካሓላ
ደብረሲና ኢ.ያ ናይ ኣምልኾ ስፍራ (2)



ብቓል ኣይንገርን ተምሳል ገነት ኢ.ኺ.
ዝኾሉ ምስጢራት ገዳም ደብረሲና
ኣይውዳእን እዩ ተምሳል ገነት ኢ.ኺ.
ዘርዚርካ ታሪኻ ገዳም ደብረሲና
ርኢ.ኹም እመኑ ደይቡ ደብረሲና
በረኸት ክትረኽቡ ሰሚዕኩም ዜናኣ (2)

ኣነስ ክኸይድ ኢ.የ ተምሳል ገነት ኢ.ኺ.
ናብዛ ቅድስት እምባ ገዳም ደብረሲና
ክዝምር ንድንግል ተምሳል ገነት ኢ.ኺ.
ክረክብ በረኸታ ገዳም ደብረሲና
በዓልቲ ወለንሳ ሓዳጊት ኣበሳ
ድንግል ማርያም እያ ናይ ኩልና ተስፋ (2)

335 **ነመስግን ኩልና ንማርያም ኣዴና**

ነመስግን ኩልና ንማርያም ኣዴና
ቅድስተ ቅዱሳን ኣደ ፈጣሪና
ንጽህተ ንጹሃን ኣደ ፈጣሪና
ርህርህተ ህሊና ማርያም ኣዴና
ዋሕስ ናይ ህይወትና ኣምላኽ ዝሃበና
    ቅዱስ ገብርኤል መጺኡ ሰላም ለኪ ኢሉኪ
    ናይ ክርስቶስ ኣደ ድንግል ደስ ይበልኪ
    ካብ ኣንስቲ ኩለን ዝተባረኽኪ ኢኺ
    ሰማያዊ ምስጢር ዝተገለጸልኪ
ንዓኺ መሪጹ ከይተፈጥረ ዓለም
ብሓቂ ይመስገን ይኽበር ንዘለዓለም
ንዓኺ መሪጹ ርህሩህ መድሃኔ ዓለም
ብሓቂ ይመስገን ይኽበር ንዘልዓለም
    ብጌጋ ብፍልጠት ሓይሊ(ኣደ) ዝሰኣንኩም
    ንዑ ተመለሱ ማርያም ኣላትኩም
    ብጌጋ ብፍልጠት ድንግል ዝኽሓድኩም
    ንዑ ለምንዋ ደቀይ ክትብለኩም
ዋሕስ ናይ ህይወትና ኣምላኽ ዝሃበና
ድንግል ማርያም እያ ኣደ ናይ ነፍስና
ኣደን ድንግልናን ክልቲኡ ሒዝኪ
ድንግል ናትና ተስፋ ብልጽቲ እኮ ኢኺ



336 **ብጹእ ውእቱ ዘጸውአ ስምኩም**

ብጹእ ውእቱ ዘጸውአ ስምኩሙ
ወዘገብረ ተዝካርክሙ
አነ እህቦ ዕረፍተ ዘለዓለም
ወአወርሶ መንግስተ ሰማይ
ይቤሎሙ እግዚአብሔር ለቅዱሳን
ትርጉም    እግዚኣብሔር ንቅዱሳን ስምኩም ዝጸውዐን
    ተዝካርኩም ዝገበረን ብጹእ ኢዩ፥
    ኣነ ድማ ዕረፍቲ ዘልዓለምን
    መንግስተ ሰማይን ከውርሶ ኢየስ
    ኢልዎም

337 **ለባርኮ**

ለባርኮ ንዒ ለባርኮ
ለባርኮ ዓውደ ዓመትነ ለባርኮ (2)
ንዒ ማርያም ድንግል (2)
ለምህረት ወሳህል ማርያም (2)
    ንምብራኽ ነዓ ንምብራኽ (2)
    ንምብራኽ ዓውደ ዓመትና ንምብራኽ (2)
ነዓ ሊቀ መላእክት (2)
ንምሕረት ንሳህል ሚካኤል (2)
    ለባርኮ ነዓ ለባርኮ
    ለባርኮ ዓውደ ዓመትነ ለባርኮ (2)
ነዓ ሊቀ ሰማእት (2)
ለምህረት ወሳህል ጊዮርጊስ (2)

338 <u>ንማርያም ክንዝምር ኤና ንዘልዓለም</u>

<u>ንማርያም</u> (2) ክንዝምር ኢና ንዘለዓለም (2)

ዝተዓጽወት ማህደር ንዘለዓለም
ህዝቅኤል ዝበላ “
ብሓቂ ብጽእትያ “
ብሓቂ ድንግል “
ኣብነት ጌርና “
ንሕና እውን ከምኡ “
<u>ብፍጹም ፍቅሪ ክንዝምር ኢና</u> (2)

ሓላል ርግቢትያ ንዘለዓለም
ሰላም ኣበሳሪት “
ንናይ ጸልማት ህይወት “
ብርሃን ተብርሀ “
ንልምን ንዓኺ “
ድንግል ንህይወትና “
<u>ሓደራ ድንግል ንስኺ ዋሕስና</u> (2)

ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ ንዘለዓለም
ናይ ደቅኺ ፍቅሪ “
ኣይውሰንን'ዩ “
ኣይምዘንን'ዩ “
ብኣኺ ደስይብለና “
ሓጎስ ይመልኣና “
<u>ስማ እናጸዋዕና ክንዝምር ኢና</u> (2)

ንዒ ንዒ እብል ንዘለዓለም
ኣብ ምሉእ ህይወተይ “
ኣይትፍለየንን “
ንዓይ ኣብ ጎነይ'ያ “



እጹብ እጹብ ኢሎም “
ምስ ኣመስገኑኺ “
<u>ንኽብራ ክገልጹ ይሓጽሮም ቃላት</u> (2)

339 <u>ኣነ'ውን ክዝምር'የ</u>

*ኣነ'ውን ክዝምር'የ ናይ ምስጋና ቅኔ*

*ናይ ኣምላኽይ ምድሓን ሪኤዮ ብዓይነይ*

*ኣብቲ ላዕላይ ሰማይ ንጸሓይ ዘቕመ*

*ሎሚ'ውን በጺሑኒ እንዳደጋገመ (2)*

ኣርዑት'ውን ተሰይሩ ኣነ'ውን ኣምሊጠ

ካብ ሓጢኣት ፍለጻ ካብ ሞት'ውን ወጺአ

ናይ ኣናብስት ኣፍ ዝዓጸወ ብሓይሉ

ናይ ዳኒኤል ኣምላኽ ይነብር ምስ ኩሉ

ናይ ዳዊት ምስጋና ናይ ያሬድ ዝማሬ

ምስ ቅዱሳን ኮይነ ክዝምር ሓቢረ

ንዕኡ ከመስግን ሜልኮል እንተሰሓቐት

ንጎይታና ክብሪ ክዝምር ይነብር

ዘፍርሕ ነበልባል ብሓይሊ ክነድድ

ነገስታት ኣወጁ ንጣኦት ክሰግድ

ኩሉ ክገድፈኒ ክትጸልኣኒ ዓለም

ጽላል ይኾነኒ ጎይታ መድሃኔ ዓለም

340 **<u>ኢኃደገኒ ፣ ንማስን ፣ ፍጹመ ኢኃደገኒ</u>**

ኢኃደገኒ ፣ ንማስን፣ ፍጹመ ኢኃደገኒ (2)
ኣይሓደገናን ፣ ንኽንጠፍእ ፣ ፈጺሙ ኣይሓደገናን(2)

ሰማይን ምድርን ብዝፈጠረ
ቃል ኪዳን ከኣ ዓንዲ ገበረ (2) ዘፍ 1፡1
ኢኃደገኒ ፣ ንማስን …

ኣዳም ኣብ ገነት ሸውዓተ ዓመት
መልኣኽ ነበረ ዘይጥመት (2) ኩፋሌ 4፡4
ኢኃደገኒ ፣ ንማስን …

ኣዳምን ሔዋንን ብዝዓመጹ
ካብ ገነት ከኣ ፈጺሞም ወጹ (2) ዘፍ 3፡17
ኢኃደገኒ ፣ ንማስን …

እግዚኣብሔር ኣዝዩ ቀጽዓኒ
ንሞት ግና ኣይወፈየንን (2) መዝ 118፡8
ኢኃደገኒ ፣ ንማስን …

ገነት ከይነብር ብዝፈረደ
ሓንቲ ቃል በሎ ከይተናደደ (2)
ኢኃደገኒ ፣ ንማስን …

ከድሕነካ እየ ምድሪ ወሪደ
ካብ ጓል ጓልካ እውን ተወሊደ (2)
ኢኃደገኒ ፣ ንማስን …



ኣብ ቤተ ልሔም ብዝተወልደ
ንጓሶት ኢዩ ዝተጋህደ (2) ማቴ 2፡3
ኢኃደገኒ ፣ ንማስን …

ኣድግን ላምን እስትንፋስ ገበሩ
ወልድ ምዃኑ ንኽምስክሩ (2) ኢሳ 1፡3
ኢኃደገኒ ፣ ንማስን …

ተስዓን ትሽዓተን መላእኽት ገደፈ
ኣዳም ክደሊ ንዝተረፈ (2) ማቴ 18፡19
ኢኃደገኒ ፣ ንማስን …

ሰማይ ዝፋኑ ኪሩብ መንበሩ
እታ ምድሪ እውን መርገጺ እግሩ (2) ኢሳ 66፡1
ኢኃደገኒ ፣ ንማስን …

እንታይዶ ይጎድሎ ኢዩ ነቲ ጎይታና
ከርእየና እባ ነታ ትሕትና (2)
ኢኃደገኒ ፣ ንማስን …

ከይንዝንግዖ ነዚ ጎይታና
ብደሙ ኢዩ ዝዓደገና (2) 1ጴጥ 1፡19
ኢኃደገኒ ፣ ንማስን …

ኢኃደገኒ ፣ ንማስን፣ ፍጹመ ኢኃደገኒ (2)
ኣይሓደገናን ፣ ንኽንጠፍእ ፣ ፈጺሙ ኣይሓደገናን(2)

## እመቤተይ ማርያም

እመቤተይ ማርያም እመቤተይ (2)
ካባኺ ዝተወልደ ኣምላኽ እስራኤል
ምስጋና ይኹኖ ንዘልዓለም (2)

ህይወቱ ዝሃበ ንሕዝቢ ሰላም
ንኹሉ ዝኽእል ካብ ኣርያም
ናይ ኣምላኽ መሕደሪት ድንግል ማርያም
ብጽእቲ ድንግል እያ ንዘልዓለም (2)

"ኣዝ"

ናይ ምድሪ ነገስታት ክምህለሉ ናባኺ
ናይ ሰማይ መላእኽቲ ምስጋና የቕርቡልኪ
ኣህዛብ ይንብርከኹ ንሓያል ወድኺ
ክብሪ ይግብኣኪ ንወላድነትኪ (2)

"ኣዝ"

ንዓኺ ከበስር ገብርኤል ሰላምታ
ካብ ሰማይ ወሪዱ ካብ ሰራዊት ጎይታ
ሰላም ንዓኺ ይኹን ኢሉ ዘበሰረኪ
እግዝትነ ማርያም ምስጋና ይብጻሕኺ (2)

"ኣዝ"





## ኣብ ትሕቲ እግርኺ ኣህዛብ ክሰግዱ'ዮም

ኣብ ትሕቲ እግርኺ ኣህዛብ ክሰግዱ'ዮም
እቶም ዝነዓቑኺ ዝጸልኡኺ ኩሎም
ጸጋኺ ኣሚኖም ክብርኺ ኩሉ
ድንግል ለምንልና ዕረቕና ክብሉ (2)

ንኹሎም ቅዱሳን ትግለጺ ኢኺ
ርግቢት ናይ ሰላም ኣንቲ ተኽለወይኒ
ሓጢኣት ዓለም በደል ዘይብልኪ ንጽህቲ
ናይ ምስጋና ኣዳራሽ ናይ ኣብ ቅዳሴ ኢኺ

"ኣዝ"

ህዝብን ኣህዛብን ሰገዱ ብፍርሓት
ጸጋ ምስ በረኸት ኩሉ ዝተዋህበት
መድሓኒት ናይ ሰባት ምልክት ናይ ድሕነት
ንኣምላኽ ያዕቆብ መሕደሪት ዝኾነት

"ኣዝ"

ንጽዮን ክኸብዋ ከም ዝበለና ኣቦና
ናትና ሞጎስ ግርማ ኹኒ ኣብ ማእከልና
ጸጋን በረኸትን ኣውህብና ኢኺ
ሰላም ለኪ ኢልና ክንሰግድ ንዓኺ

"ኣዝ"

ስብሃት ለኣብ ስብሃት ለወልድ
ወስብሃት ለመንፈስ ቅዱስ (2)

ኣብ ዝባን ኪሩብ እናተወጥሐ
ንዝምስገን ዘሎ ወግሐ ጸብሐ
ኣነ'ውን ብጊደይ ኣልዒለ ከበሮ
ንቅድስት ሥላሴ ካብ ልበይ ከኽብሮ
ምስጋና ይብጻሕካ ናብ መንበረ ስብሓት
ከም ኪሩብ ሱራፌ ከም ኩሎም መላእኽት

"ኣዝ"

ከም ዕስራን ኣርባዕተን ካህናተ ሰማይ
ከዕርግ መስዋእቲ ከቕርብ ምስጋናይ
ቅድሚ ድምጺ ኣዕዋፍ ምስምዑ የእዛነይ
ቤተ መቕደስ ኮይነ ከምቶም ኣቦታተይ
ሥሉስ ቅዱስ ክብል ኣእዳወይ ዘርጊሐ
ብዘለኒ ቃና ንድምጸይ ኣጕሊሐ

"ኣዝ"

ከም ነቢይ ኢሳያስ ክብርኻ ኣርእየኒ
ከናፍረይ ኣምጺእካ ተለኣኽ በለኒ
ከም ንኣብርሃም ኣቦይ ሓሪኻ ብጽሓኒ
ናብ ቤተይ እቶ'ሞ ሥሉስ ባርኸኒ
ከምቲ ንህዝቅኤል ንጉሥ ዝኾንካዮ
ንርኹስ ኣዕይንተይ ሥላሴኻ ኣርእዮ

"ኣዝ"





ሰኣሊ ለነ (6)
ማርያም እምነ ወእሙ ለእግዚእነ (2)
ካብ ርኽስቲ ዓለም ካብ ናይ ሓጢኣት ቦታ
የንቃዕዱ ናባኺ ክትኮንኒ ዋልታ
ክንድዚ ኣሚነ ቲኽጽውዓኪ
ኣለኹ በልኒ ይሰማዕ ድምጽኺ

"ኣዝ"

ነብሰይ ተማሪራ ከተእዊ ከላ
ንርእሳ ኣትሒታ ኣሚና በደላ
ክትሰምዕ'ያ ኢላ የእዳዋ ኣልዒላ
መሓርኒ ድንግል'ያ ትብለኪ ዘላ

"ኣዝ"

በደል ሓጢኣት ቃኤል እንዳ ደጋገምኩ
መቕባሕባሓይ ኮይነ ተሪፈ ኣለኹ
ጠምቲ እሞ ክሰዓር መርገመይ
ይኣኽለኒ ሕስራን ሓደራ ህይወተይ

"ኣዝ"

ከም ኩሎም ደቅኺ ውላድኪ'የ ኣነ
ይነጽኀ ንብዓተይ ንስምኪ ኣሚነ
እንታይ ክኾነኒ ንሰኺ ዘይብሉ
ሰብ'ዛ ዓለም ንቕሑ "ማርያም ማርያም" በሉ

"ኣዝ"

345 **ቅዱስ ጊዮርጊስ**
ክብሩ ዝደመቐ ከም ኮኾብ ወጋሕታ
ንቕድስቲ ተዋህዶ ትምክሕታ
ስሙ ዝኸበረ ኣብ ቅድሚ ክርስቶስ
ናይ ግንባር ሓርበኛ ቅዱስ ጊዮርጊስ (2)

ንዓለም ክነግራ ቅዱስ ጊዮርጊስ
ናይ ገድልኻ ነገር ‘’
እቲ ዝሓረየካ ‘’
ይመስገን እግዚኣብሄር ‘’
ኣብ ማህጸን ከለኻ ገና ድቂ ፍረ
ንምስክርነት ንዓኻ ዘኪረ
ካብ ከርሲ ወላዲት ገና ካብ ንኡስካ
ስሙ ብሩኽ ይኹን ልዕል ዘበለካ
“ኣዝ”

ዱድያኖስ ኣትያኖስ ቅዱስ ጊዮርጊስ
እቶም ዓለውቲ ውሉድ ‘’
እንተ መኸሩኻ ‘’
እምነትካ ክትክሕድ ‘’

ክብረት’ዛ ዓለም ኣይንታይካን እዩ እሞ
ስልጣናን ሹመታን ልብኻ ዘሕምሞ
ፍቕሪ ናይ ክርስቶስ ልዕሊ ኩሉ ኮይኑ
ካብቲ ናቶም ሓይሊ በዚሑ ሚዛኑ
“ኣዝ”

ማህጸን ወላዲትካ ቅዱስ ጊዮርጊስ
ክንደይ’ኮን ከቢሩ ‘’
ምኽንያት ድሕነት ሓጥኣን ‘’
ንዓኻ ምጻሩ ‘’
እናዓለሉ ይኣትዉ በኽዮም ዝወፈሩ
ብቅዱስ ምልጃኻ ኣብ ኣምላኽ ይኸብሩ
ጸሎትካ ኣሚኖም ናብ ጸበልካ ይኸዱ
ሕሙማት ይሓውዩ መኻናት ይወልዱ



ንተዋህዶ እምነትካ ቅዱስ ጊዮርጊስ
ሎሚ’ውን ዘክራ ‘’’
እንካብ ውዲት ሰይጣን ‘’
ጎይታ ክስውራ ‘’
እቶም ዓለውቲ ውሉድ ዳግማይ ካብ ተመልሱ
ድምጽኻ ኣስምዓዮም ድሕሪት ክምለሱ
ብደምን ኣዕጽምትን ጌርካ ዘጽናሕካያ
ጽላል ኩና ጊዮርጊስ ኣይትፈለያ

## 346 አማን በአማን አማኑኤል ተመስገን

ኣማን በኣማን (2)
ኣማኑኤል ተመስገን መድኃኔዓለም ተመስገን (2)

ስጋዊ ትምኒት እናፈጸምኩ
ካብ ሕጊ ኣምላኽ ፍጹም ረሓቕኩ
ሓጢኣተይ ርእዩ ከይንዓቐኒ
ንኽንሳሕ ዕድመ ሂቡኒ

ኣማኑኤል ተመስገን መድኃኔዓለም ተመስገን (2)

ሕደጊ ዓለም ኣይተታልልኒ
ካብ ሕጂ ንንየው ሕደግኒ ኢኺ
ብንእስነተይ ናብ እግዚኣብሔር
ምቕራብ መረጽኩ ብኹሉ ነገር

ኣማኑኤል ተመስገን መድኃኔዓለም ተመስገን (2)

ኣብ ሓጢኣት ዓለም ዝተጸመድኩም
ብርሃን ዕድሜኹም ዝጸልመተኩም
ነውሪ ሓጢኣት ዓለም ኣብኡ ገዲፍኩም
ንዑ ኣገልግሉ ኣብ ሃይማኖትኩም

ኣማኑኤል ተመስገን መድኃኔዓለም ተመስገን (2)

ኣማን በኣማን (2)
ኣማኑኤል ተመስገን መድኃኔዓለም ተመስገን (2)



## 347 ናይ ሥላሴ መንበር

ናይ ሥላሴ መንበር ቅዱሳን ከቢቦም
ኪሩብ ብደመና ንዝፋኑ ሒዞም
ንድንግል ኣብ ማእከል ንሚካኤል ቅድሚት
ኣእላፍ መላእክት ክሰግዱ ብፍርሓት
ንዑ ርኣዩ ናይ'ቲ ሰማይ ድምቀት
ንዑ ርኣዩ ንኣቦ ሰማያት

ናይ ሥላሴ መንበር ቅዱሳን ከቢቦም
እንዳ ኣሸብሸቡ ናይ ሰማይ መላእክት
ካህናተ ሰማይ ሥሉስ ቅዱስ ክብሉ
ነዚ ዓቢ ክብሪ ክርእዩ ተዓደሉ
በቲ ጽድቂ ስርሖም ኣብ ምድሪ ኣለዉ (2)

ናይ ቅዱሳን ሕብረት ናይ ቅዱሳን ሃገር
ክቕደስ ይነብር ናይ ሥላሴ መንበር
ጽድቅን ለውሃትን ዝተመልአ ሰማይ
ኣምላኽ ይሃበና ብትንሳኤ ምርኣይ (2)

## 348 ምሕረቱ ንዘልዓለም ኢዩ'ሞ

ምሕረቱ ንዘልዓለም ኢዩ'ሞ እግዚኣብሔር ይመስገን (2)
ምሕረቱ ኣዒንተይ ካብ ንብዓት ካብ ሓዘን ኣልዒሉ
“ ” ኣጸናኒዑኒ ኣብ ዘመነይ ኩሉ
“ ” ካብ ቁጽሪ በዚሑ ልዕሊ ኣእምሮይ'ዩ
“ ” ግዜ ዘይቅይሮ ዘልዓለማዊ'ዩ
ምሕረቱ ንዘልዓለም ኢዩ'ሞ እግዚኣብሔር ይመስገን (2)
ምሕረቱ ካብ ባዕዲ ነገስታት ግደይ መቒሉኒ
“ ” ካብ ዝተደርበኹዎ ንዓይ ኣልዒሉኒ
“ ” ንእሽተይ ጸሎተይ ከም ትግሃት ቆጺሩ
“ ” ኣብ ናይ ሰላም ሃገር ከንኣን ኣብጺሑ
ምሕረቱ ንዘልዓለም ኢዩ'ሞ እግዚኣብሔር ይመስገን (2)
ምሕረቱ ተስፋ ዝውህበቱ ካብ ሞት ዘድሕን'ዩ
“ ” ሞት ንዝኸበቦም ህይወት ዘበስር'ዩ
“ ” ንናይ ሓጢኣት መዓት ካባና ኣልዒሉ
“ ” ሓጎስ ዝህበና ንሓዘና ኣልዩ
ምሕረቱ ንዘልዓለም ኢዩ'ሞ እግዚኣብሔር ይመስገን (2)
ምሕረቱ ኣብ ውዲት ጸላኢ መዓስ ገዲፉና
“ ” ደቂ'ዩ ጌሩና ደምሲሱ ኣበሳና
“ ” ኣብ ኩሉ ጉዕዞና ንሱ ይሕልወና
“ ” ንሱ ይረድኣና ኣብ ዘመን ህይወትና
ምሕረቱ ንዘልዓለም ኢዩ'ሞ እግዚኣብሔር ይመስገን (2)



## 349 ስለ ዘይውዳእ ውህበቱ

ስለ ዘይውዳእ ውህበቱ እግዚኣብሔር ይመስገን
ስኞ ኢሉ ኣይረኣየን ኣምላኽና ክወስድና ማዕበል
ስለ ዘይውዳእ ውህበቱ እግዚኣብሔር ይመስገን
ናይ ህይወት እስትንፋስ ዘርኣልና ህያዋን ክንከውን
እዚ ዝገበረ ኣምላኽና ይኽበር'ውን ይመስገን
ስለ ዘይውዳእ ውህበቱ እግዚኣብሔር ይመስገን
ንንፋስ ገሲጹ ንማዕበል ደው ኣቢሉ ዘሳግር
ናይ ዓለም ፈተና እንተበዝሐ ጸኒዕና ንለምን
ስለ ዘይውዳእ ውህበቱ እግዚኣብሔር ይመስገን
ዳግም ከይንመውት ብሞቱ ንሞት ዝሰዓረ
እንምክሓሉ ትንሳኤ ሰላም ኣበሰረ
ስለ ዘይውዳእ ውህበቱ እግዚኣብሔር ይመስገን
ካብ ሲኦል ማእሰርቲ ፈቲሑ ነጻ ዘውጽኣና
መስቀል ዝሃበ ኣምላኽና ክንዝምረሉ ኢና
ስለ ዘይውዳእ ውህበቱ እግዚኣብሔር ይመስገን

## 350 ጎይታ'የ ንስኻ ሓያል ኣምላኽ ኢኻ

ጎይታ'የ ንስኻ ሓያል ኣምላኽ ኢኻ ንበይንኻ
ብርሃንካን ጽላልካን የንጸባርቐልና ኣሎ
ብትንሳኤኻ ትንሳኤኻ ኣርኣያ ንትንሳኤና
ብትንሳኤኻ ንድሕነት ተጎናጺፍና (2)

ዘመን ሓሊፉ ዘመን ኩነኔ ማእሰርቲ
ናይ ድሕነት ዘመን ረጊጽና ሎሚ ወጊሑ መዓልቲ
ናይ ምሕረት ዜና ሰሚዕና ብብርሃንካ ተመሪሕና
ህዝብኻስ ይሳገር ኣሎ (ማሕለኻ ሲኦል በቲኹ) (2)

ሓሚሙ ነቲ ሕማምና ኣልዒልዎ ካብ ማእከልና
ኣብ ዕጸ መስቀል ሸንኪሩ ኣርሒቑዎ ካብ ማእከልና
ከዘንቱ ነቲ ውዕለቱ ኣእዳወይ'ውን ከልዕለሉ
ክዝምር ክቓንየሉ (ካብ ውሽጠይ ሓጎስ ገንፊሉ) (2)

ማርያም በዓልቲ መግደላ እታ ሓጥእ ዝነበረት
ዘደንቕ ትንሳኤ ርእያ ንህዝብኻ ኣበሰረት
ኣነ'ውን ከመስግነካ ንትንሳኤኻ ከውሪ
ተንሲኡ ጎይታ እናበልኩ (ክዝምር ብዓቢ ክብሪ) (2)



## 351 ከም ብዝሒ ሳህልኻ

ከም ብዝሒ ሳህልኻ ኣምላኽ መሓረና (2)
ከምቲ ምሕረትካ'ውን ይቕሬታ ሃበና (2)

ኣንጽሃኒ ጎይታይ ካብ ክፉእ በደለይ (2)
ነዛ ጸልማት ዓለም ከይከውን ኣገልጋላይ (2)

ኣነስ ኣበሳይ በደለይ ፈለጥኩ ሓጢኣተይ ፈለጥኩ
ፍጹም ዘድሕነኒ ምሕረትካ ኣመንኩ (2)

ንዓኻ በዲለ ክፉእ'ውን ገበርኩ (2)
ምሕረት ለግሰለይ ቅድሜኻ ወደቕኩ (2)

ቅድሜኻ ወዲቐ ክልምን ንዓኻ (2)
ይቕሬታ ሃበኒ ምውዳቐይ ርኢኻ (2)

ሕጂ ንኽትባርኽ ስግደትናን ጸሎትናን (2)
ጎይታ ለኣኽልና ጸጋ መንፍስካ ጰራቅሊጦስካ

ሕጂ ንኽትባርኽ እምነትናን ሃገርናን (2)
ጎይታ ለኣኽልና ድንግል ማርያም ቤዛዊተ ዓለም

ሕጂ ንኽትባርኽ ሓሳብናን ጉዕዞናን (2)
ጎይታ ለኣኽልና ቅዱስ ሚካኤልን ቅዱስ ገብርኤልን

## 352 ምስጋና ንማርያም

ምስጋና ንማርያም ካብ ሞት ኣድሒና ብህይወት ዘንበረትና (2)
ናይ ቅዱሳን ህይወት ኣደ መድሓኒና (2)

ንዓኺ መሪጹ ከይተፈጥረ ዓለም
ንዓና ንኽድሕን ርህሩህ መድሓኔዓለም
ብኣኺ ኢና'ሞ ህይወት ዝረኸብና
ምስጋና ይብጻሕኪ ማርያም ኣዴና

ካብ ሰማይ ወሪዱ መድሓኔዓለም
ብሓቂ ይመስገን ይኽበር ንዘልዓለም
ንዘምር ኩልና ንጎይታ ፈጣሪ
ክንዲ ዝሃበና ናይ ዘልዓለም ክብሪ

ሓጢኣትና በዚሑ ሾኽሙ ከቢዱና
ኣቃልልልና'ንዶ ርህርህቲ ኣዴና
ተግባርና ኸፊኡ መሲልና ንዓለም
ኣድሕንና ድንግል ካብ እሳተ ገሃነም

ጸጋ ዝተመላእኪ ማርያም ቅድስቲ
ካብ ኩለን ኣንስቲ ንስኺ ሕርይቲ
ንዓና ደቅኺ ሓጢኣት ዝበዝሓና
ካብ ፍቑር ወድኺ ምሕረት ለምንልና

መሰረት ህይወትና ምዕራፍ ናይ ነብስና
ኣምላኽ ብምውላድኪ ካብ ጸልማት ወጺእና
ካብ መከራ ኣውጺኡ ዝህበና ሰላም
ተወሊዱ ጎይታ ካብ ድንግል ማርያም



## 353 ድንግል ንጽውዓኪ

ድንግል ንጽውዓኪ ማርያም ንዒ ንብለኪ (2)

ተተዓርቕና ንጽውዓኪ
ምስ ፈጣሪ ጎይታ ንዒ ንብለኪ
ድንግል ሓደራኺ ንጽውዓኪ
ኩንልና መኸታ ንዒ ንብለኪ

በላዕ ሰብ ድሒኑ ንጽውዓኪ
ብዙሕ ነፍስ ኣጥፊኡ ንዒ ንብለኪ
ብኢዱ ማይ ሂቡ ንጽውዓኪ
ስም ናትኪ ጸዊዑ ንዒ ንብለኪ

ብሂዋን ምኽንያት ንጽውዓኪ
ኣብ ጸልማት ነበርና ንዒ ንብለኪ
ኣባኺ ሓዲሩ ንጽውዓኪ
ብርሃኑ ሂቡና ንዒ ንብለኪ

ቤትኪ ዝሃነጸ ንጽውዓኪ
ተኣምርኪ ዝሰምዐ ንዒ ንብለኪ
ክምሕሮ'የ ኢሉኪ ንጽውዓኪ
ስምኪ ዝጸውዐ ንዒ ንብለኪ

ገጽ ኣየምልስን'ዩ ንጽውዓኪ
ናይ ኣደ ልመና ንዒ ንብለኪ
ከይንጠፍእ ኢሉ ንጽውዓኪ
ንዓኺ ሂቡና ንዒ ንብለኪ

ድንግል ንጽውዓኪ ማርያም ንዒ ንብለኪ (2)

## 354 <u>ማህደረ መለኮት</u>

ማህደረ መለኮት ኣደ ብርሃን ማርያም
ስምኪ ጸዊዑ ዝሓፍር መን'ዩ
ኣደ ኣምላኽና ፍቕራ ሰላም'ዩ

ማህደረ መለኮት ኣብ ቤትኪ ኮይነ ክልምን
ማህደረ መለኮት ኣደ ብርሃን ንዒ ድንግል
ማህደረ መለኮት ብናትኪ ዝማሬ ደስ ክብል
ማህደረ መለኮት ጸጋ ክህበኒ ኣማኑኤል

ማህደረ መለኮት ኣሸብሽቡላ ንድንግል
ማህደረ መለኮት ፍቕራ ዘለኩም ብእውነት
ማህደረ መለኮት ክትመጽእ ኢያ ኣብ ጸሎት
ማህደረ መለኮት ድንግል ኣዴና ሓልውና
ማህደረ መለኮት ኣፍና ይከፈት ንምስጋና
ማህደረ መለኮት ንዘምረላ ክትባርኸና

ማህደረ መለኮት መመከሒት ኢያ ናይ ኩላትና
ማህደረ መለኮት ጻዕዳ ርግቢት ናይ ሰላምና
ማህደረ መለኮት ብኽቡር ስማ ክንጽውዓ
ማህደረ መለኮት ብምንታይ እሞ ክንምስላ
ማህደረ መለኮት ካብ ኩሉ ፍጥረት ኢያ ልዒላ
ማህደረ መለኮት ብንጽህና መን ክመስላ



## 355 <u>ማርያም ድንግል ርህርህት</u>

ማርያም ድንግል ንጽህት ምልእተ ጸጋ ደስ ይበልኪ (2)
<u>ኣደ ነፍሰይ</u> (2) ክሰግደልኪ ከም ኣቦታተይ (2)

የኽብሮ ኣለኹ ክቡር ስምኪ ይሰግድ ኣለኹ ኣብ ቅድሜኺ
ነፍሰይ ክትነጽህ ካብ በደል ወትሩ ኣብ ቅድሜኺ ክምህለል
<u>እሱር ኮይነ ንዓለም ናጽነተይ ኢኺ ማርያም</u> (2)

ንጉሥ ሃሴቦን ካብ ርሑቕ ናይ ጢሮስ ህዝቢ ካብ ምብራቕ
መጽኡ ገስጊሶም ክሰግዱልኪ ኣደኒቕዎም ኣደነትኪ
<u>ኣነ'ውን መጺኤ ንኽብርኺ ደው ኢለ'ለኹ ኣብ ደገኺ</u> (2)

ተሳዒሮም'ዮም ኣጨነቕትኺ ስለ ዝወደቑ ኣብ ሳእንኺ
ዝዓጠቕዎ ሴፍ ሓዲጎም መሓርና ኣደዋ ይብሉኺ
<u>የእውዩ'ለዉ ጸላእትና ወትሩ ስለ ተማልድልና</u> (2)

የእውዩ'ለዉ ጸላእትና ወትሩ ስለ ተማልድልና
ዕጹብ ኢዩ በረከት ፍቕራ ኣረሲዑኒ ንመከራ
<u>ልበይ ይዘልል ብሃሴት ምስ ጸዋዕኩኺ ብጸሎት</u> (2)

## 356 ኣህዛብን ህዝብን

ኣህዛብን ህዝብን ዝተራኸቡልኪ
መና ካብ ሰማያት ኣምላኽ ዘውረደልኪ
ሰብን መላእኽትን ስብሐት ዘብጽሑኪ
ናይ ቅዱሳን ህይወት ድንግል ማርያም ኢኺ (2)

ንቆጽሊ በሊዓ ሔዋን ዘምጽኣቶ ሞት
ብፍረ ማህጸንኪ ተረኺቡ ህይወት
ሰኣሊ ለነ ቅድስት ምሕረት ለምንልና
ካብ ፍቑር ወድኺ ካብ ልዑል ኣምላኽና

ኣህዛብን ህዝብን …

ያዕቆብ ኣብ ሎዛ ብሕልሙ ርእዩኪ
ሰብን መላእኽትን ዝተራኸቡልኪ
መቕረቢት ናብ ኣምላኽ ጽዮን ማርያም ኢኺ
ኣማናዊት ኪዳን ጽዮን ማርያም ኢኺ

ኣህዛብን ህዝብን …

ውዳሴ ናይ ኤፍሬም ዜማ ቅዱስ ያሬድ
ምልእተ ጸጋ ልዕሊ ኹሉ ፍጥረት
ብብስራት ገብርኤል ኣምላኽ ዝወለድኪ
ንግሥተ ኣርያም ምስጋና ንዓኺ

ኣህዛብን ህዝብን ዝተራኸቡልኪ
መና ካብ ሰማያት ኣምላኽ ዘውረደልኪ
ሰብን መላእኽትን ስብሐት ዘብጽሑኪ
ናይ ቅዱሳን ህይወት ድንግል ማርያም ኢኺ (3)



## 357 ማርያም ድንግል ርህርህት ኣዴና

ማርያም ድንግል ርህርህት ኣዴና ኣማልድና ምስ ፈጣሪና (2)
ኣይንጠራጠርን ተማልድ'ያ ማርያም ኣዴና (2)

በቦኣ በዲኣ ብኢያቄም ብሃና
ማርያም ትባርኮ ነዚ ጉባኤና

ማርያም ድንግል …

ንኹሉ ሓጢኣትና በደልና ሓዲጋ
ምሕረት ተውርደልና ብነፍሲ ብስጋ

ማርያም ድንግል …

መሰረት ህይወትና መውጽኢት ናይ ጸሓይ
ዋሕስ ኩላትና'ያ ብምድሪ ብሰማይ

ማርያም ድንግል …

## 358 ሚካኤል እመላእክት መኑ ከማከ ልዑል

ሚካኤል እመላእክት መኑ ከማከ ልዑል (2)
አስተምህር ለነ ሰአልናከ በአሰርቱ ወአርባዕቱ ትንብልናከ (2)
ሚካኤል እመላእክት መኑ ከማከ ልዑል (2)
ዓይኑ ዘርግብ ልብሱ ዘመብረቅ ሓመልማለ ወርቅ (2)
ሚካኤል እመላእክት መኑ ከማከ ልዑል (2)
ይሰግድ በብረኪሁ እስከ ይመጽእ ሥርየት ለኃጥኣን (2)
ሚካኤል እመላእክት መኑ ከማከ ልዑል (2)
መኑ ከማከ ክቡር መኑ ከማከ ልዑል (2)

## 359 ናይ ልበይ ኩሉ

ናይ ልበይ ኩሉ ንመን ክነግር
ብዘይ ብኣኺ ምስ መን ክማኸር
ናይ ድኹም ሰብ መጸግዒት ኢኺ
ሓዘን ጭንቀተይ ተርሕቕለይ ኢኺ
ቅዱሳን ኣበው መሪጸምኺ (2)
ስለ ዝወጹ ካብ ሲኦል ሓዊ
ክድሕን ኢየ ብልማኖኺ (2)
ለምንለይ ኢለ ምስ ጸዋዕኩኺ
ፈታሒት ሽግረይ ኣኽሊለይ ኢኺ (2)
ኣይቅየምን ኢዩ ለዋህ'ዩ ልብኺ
ልበይ ብፍቕርኺ ተማሪኹ'ሎ (2)
ኣብ ግዜ ሓዘነይ ይጽውዓኪ'ሎ
ዋሕሰይ ኢኺ ድንግል ኣደየ (2)
ስምኪ ጸዋዕኩ ብህጻንነተይ
ኩሉ ግዜ ንዓይ ጽቡቕ ጌርክለይ (2)
እንታይ'ሞ ክብል'የ ቃላት'ውን ዘይብለይ
ብግዜ ሓዘነይ ምርኩሰይ ኢኺ (2)
ዝደገፍክኒ ብቕልጡፍ መጺእኪ
ስምኪ ንሓጥእ ዝቕድስ ኢዩ (2)
ካብ ሞት ናብ ህይወት ዝመልስ ኢዩ



## 360 ኦ ሚካኤል

ኦ ሚካኤል ኦ ሚካኤል ሊቀ መላእክት
ኣብ ሓጢኣት ከይንወድቕ ከይንመውት
ፈጣን ረድኤት ሃበና እምነት
ንያዕቆብ ነገድ ሚካኤል
ንእስራኤል ሚካኤል
ሓላዊ ኢኻ ሚካኤል
መልኣከ ኃይል ሚካኤል
ፍቕርን ምሕረትን ዓድለና ቅዱስ ሚካኤል ኣቦና (2)
ኦ ሚካኤል …
ልብሰ ተክህኖ ሚካኤል
ነጸብራቓዊ ሚካኤል
ሐመልማለ ወርቅ ሚካኤል
ዘሰማያዊ ሚካኤል
ፍቕርን ምሕረትን ዓድለና ቅዱስ ሚካኤል ኣቦና (2)
ኦ ሚካኤል …
ቅድሚ ስእልኻ ሚካኤል
ምስተንበርከኽኩ ሚካኤል
ጸሎተይ ስማዕ ሚካኤል
በለኒ ኣለኹ ሚካኤል
ፍቕርን ምሕረትን ዓድለና ቅዱስ ሚካኤል ኣቦና (2)
ኦ ሚካኤል …
ቅድሚ ስእልኻ ሚካኤል
ምስተንበርከኽኩ ሚካኤል
ጸሎተይ ስማዕ ሚካኤል
በለኒ ኣለኹ ሚካኤል
ፍቕርን ምሕረትን ዓድለና ቅዱስ ሚካኤል ኣቦና (2)
ኦ ሚካኤል …

## 361 ሓይሊ ብዝህበኒ

ሓይሊ ብዝህበኒ ብክርስቶስ ኩሉ ክኽእሎ'የ (2)
መከራ እንተመጸ ንጽቡ'ቕ'ዩ ክሓልፎ'የ
ፈተና እንተመጸ ንጽቡ'ቕ'ዩ ክሓልፎ'የ
        ብሰንሰለት ሒዞም እንተ ደርበዩኒ
        መከራ ኣብዚሖም እንተ ኣጨነቑኒ
        ንጽቡ'ቕ ኢዩ'ሞ ተስፋ ክገብር'የ
        ይኹን ዝበልካዮ ኩሉ ክኽእሎ'የ
ትማልን ሎምን ኩሉ ግዜ ንስ'ኻ
ፍ'ቕር'ኻ ኣይቅየርን ፍልልይ ዘይብልካ
ንስምካ ምጽዋዕ ሞገስ እውን ኮነኒ
ጸላእተይ ፈኪሮም ኣበይ ከይስዕሩኒ
        መከራይ ጸኒዑ ጉልበተይ ደ'ኸመ
        ሓዘን ከቢቡኒ ተስፋይ እንተ ጸልመተ
        ነገር ይኹን ኣይኹን ክነብር ምሳ'ኻ
        ዓድለኒ ፍ'ቕሪ ጎይታይ ብጸጋ'ኻ
ካብ ሃገር ወጺኤ ኣብዚ ምስዳደይ
ኣብ ዘይፈልጦ ሃገር ኣርሒቕ ም'ኻደይ
ንጽቡ'ቕ ኢዩ'ሞ ኣበይ ከይከፍኣኒ
ፈጺመ ከይጠፍእ ጎይታይ ሓልወኒ



## 362 ደስ ይበልኪ

<u>ደስ ይበልኪ</u> (2) ማርያም ንጽህት ድንግል
ደስ ይበልኪ ካብ ኩለን ኣንስቲ ዝተባረ'ኽኪ ኢ'ኺ (2)
        ሰላም'ውን ይብለኪ ማርያም ድንግል
        ከምቲ ብስራታዊ ቃል ቅዱስ ገብርኤል
        ንዓ'ኺ ዝተዋህበ ክልተ ድንግልና በቲ ብስጋ በቲ ብሕሊና
                ደስ ይበልኪ …
ካብ ኩለን ኣንስቲ ንጽህቲ ብም'ኳንኪ
ሰማያዊ ምስጢር ዝተገለጸልኪ
ናይ ልዑል ማሕደር ንም'ኳን በቓዕኪ
ኣደ ጎይታ ማርያም ብዙሕ ደስ ይበልኪ
                ደስ ይበልኪ …
        ገብርኤል ከብስራ ድንግል'ውን ሰሚዓ
        ኣብኣ'ውን ሓደረ ናይ መለኮት ግርማ
        ሓቀኛ መልኣ'ኽ ም'ኳኑ ፈሊጣ
        ይኹነለይ ኢላ ቃሉ ተቐቢላ
                ደስ ይበልኪ …
ዝተነበየላ ሕዝቅኤል ነቢይ
ዝተዓጽወ ማዕጾ ኢሉ ብራእይ
ኣትዩ ወጺኡ ጎይታ ብዕጽውታ እንከላ
ንዘልዓለም ዓለም ትነብር ከምኡ ኢላ
                ደስ ይበልኪ …
        ማርያም ክትበጽሓ ናብ ኤልሳቤጥ ከደት
        ኤልሳቤጥ ብሓጎስ መንፈስ ቅዱስ መልአት
        ኣብ ማህጸና ዘሎ ዘለለ ብታሕጓስ
        ድምጺ ኣደ ጎይትኡ ምስ ሰምዐ ብመንፈስ
<u>ደስ ይበልኪ</u> (2) ማርያም ንጽህት ድንግል
ደስ ይበልኪ ካብ ኩለን ኣንስቲ ዝተባረ'ኽኪ ኢ'ኺ (2)

## 363 <u>እግዚኣብሔር ጓሳይና'ዩ</u>

እግዚኣብሔር ጓሳይና'ዩ ዝጎድለና የለን
ንጸላእቲ ስዒሩልና'ዩ ኣሕሊፉ ኣይሃበናን
ንህይወትና በረኸት ጸጋ ዝዓደለና
ኣማኑኤል ይኽበር ይመስገን ዝሓለወና (2)
ጸላኢ ሰናያት እንከዋግኣኒ
ሰይፉ ኲናት ገይሩ ክቖራርጸኒ
ስቕ ኢልካ ኣይረኣኻን ኣደንጊጸካ'የ
ንኽብሪ በቒዐ ብኣኻ ኣቦየ
እግዚኣብሔር ጓሳይና'ዩ …
እንሆ ይጓዝም ከም ኣንበሳ ሽደን
ሕጂ'ውን እንተኾነ ሰይጣን ኣይዓረፈን
ብዝርጉሕ ቅልጽምካ ሎሚ'ውን ተገለጽ
ብመስቀል ክተሓዝ ብስምካ ክግሰጽ
እግዚኣብሔር ጓሳይና'ዩ …
ብሓሶት ብዝሙት ብስርቂ ብሕምየት
በቲ ረቂቕ ሜላ ብመናፍቕነት
ዓለም ተታሒዛ ምርኮ ሰይጣን ኮይና
ተለመና ጎይታ ክትርኢ ምድሓና
እግዚኣብሔር ጓሳይና'ዩ …
ናይ ምድሓን ምኽንያት መንገዲ ኣሎካ
ብኪዳን ቅዱሳን ብድንግል ኣዴኻ
<u>ኣብ ብዙሕ ሹመና ብውሑድ ኣሚንካ</u> (2)
እግዚኣብሔር ጓሳይና'ዩ …



## 364 <u>ስምኪ ጸዊዐ</u>

ስምኪ ጸዊዐ መዓስ ሓፊረ ማርያም ኢለ ኣበይ ወዲቐ
ስምኪ ኢዩ'ሞ ስንቂ ኮይንኒ እንሆ ምስጋና ተቐበልኒ (2)
ጸላኢ መጺኡ ክቓወመኒ ንብዙሕ ዘመን ከሸግረኒ
ሰይጣን ማሪኹ ከሳቕየኒ ወላዲት ኣምላኽ ንሳ ኣላትኒ
ናይ ለውሃት ኣደ ናይ ፍቕሪ ኣርኣያ
ናይ ድኹም ዘራይ ድንግል ንሳያ
ሓጥእ ኢኻ ኢላ ኣይትንዕቐንን
ንዓኣ ሒዘስ ገለ ኣይከውንን
ስምኪ ጸዊዐ …
መርዓ ምስ ኮነ ሰብ ምስ መልአ ዝቐረብ ሽሻይ ምስ ተወድአ
እንታይ ከቕርብ ኢሉ ክሽገር ንዓኺ ሒዙ ግን ኣይሓፈረን
ጎይታ ሰሚዑ ንልማኖኺ ባህ እናበሎ ብርህራሄኺ
ነቲ ጽሩይ ማይ ብተኣምራት ወይኒ ገበሩ ብኽሃልነት
ስምኪ ጸዊዐ …
በዓልቲ ግርማ ድንግል ኣደ ጎይታ
ምኽንያት ምድሓን ናይ ኣዳም ተስፋ
ሽምኪ ክጽውዕ ግዜ ሓዘነይ
ምሳይ ልገቢ እምባ ጽዮን ጸግዐይ
መታን ከይጠፍእ ዘኽታም ከይከውን
እግዚኣብሔር ስቕ ኣይበለንን
ኣምላኽ ይመስገን ዕድል ኣሎኒ
ወላዲት ኣምላኽ ኣደ ኣላትኒ
ስምኪ ጸዊዐ …

ሃሌ ሉያ ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ (2)
ንኣምላኽ እስራኤል ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ (2)
ንሓያል ኣምላኽና ኣመስግንዎ
ካብ ቅዱስ መቕደሱ " "
ብግብርታት ሓይሉ " "
ንልዑል ዕብየቱ " "
ሃሌ ሉያ …
ብድምጺ መለኸት ኣመስግንዎ
ብጥዑም በገና " "
ብደሃይ እምብልታ " "
ብጥዑም መሰንቆ " "
ሃሌ ሉያ …
ብናይ ቃና ኣውታር ኣመስግንዎ
ብጥዑም ጸናጽል " "
ብድሙቕ ከበሮ " "
ብግሩም ሸብሸቦ " "
ሃሌ ሉያ …
ብድርሰት ናይ ያሬድ ኣመስግንዎ
ብናይ ቃል ትምህርቲ " "
ዜማ ጾመ ድጓ " "
ብኣርያምን ድጓን " "
ሃሌ ሉያ …
ብጥዑም ማህሌት ኣመስግንዎ
ብግሩም ዝማሜ " "
ብጥዑም መረግድ " "
ብዝማሬ ቅኔ " "
ህያው ዘበለ ፍጥረት ንእግዚኣብሔር የመስግን ሃሌ ሉያ (2)





ሓሙስቱ ሓዘናት ዘረከቡኪ ማርያም
ሶበ ይዜከር ለይብኪ ወያስቆቁ ዓይነ ልቢ ዘቦ (2)
ከም ልማድ ናይ ኣይሁድ ናብ መቕደስ ምስ ከድኩ
ኣረጋዊ ስምኦን ሽዑ ነገረኒ
ከምዝመውት ወደይ እቲ ጉንዲ ወይኒ
ብልቢ ሓዘንኩ ንብዓት ሰዓረኒ
ሓሙስቱ ሓዘናት …
ክደሊ ንወደይ ለይቲ ምስ መዓልቲ
ኣብራኸይ ደኸማ ስኢነን ዕረፍቲ
ድሕሪ ነዊሕ ድኻም ድሕሪ ናይ ሳልስቲ
ንወደይ ረኺብኩ ማእከል ሊቃውንቲ
ሓሙስቱ ሓዘናት …
ነቲ መድሕን ኩሉ ሰማያዊ ንጉሥ
ብሓሶት ከሲሶም ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ
ብዙሕ ምስ ተገርፈ ውላደይ ክርስቶስ
ምእባድ ኣበኹ ካብቲ መሪር መልቀስ
ሓሙስቱ ሓዘናት …
ኣብ ማእከል ሽፋቱ ወደይ ምስ ተሰቕለ
ዮሃንስ በኸየ ወይለይ እንዳበለ
ወደይ ምስ ገዓረ ተፈጸመ በለ
ኣእምሮይ'ውን ኩሉ ኣብ ሓዘን ጠሓለ
ሓሙስቱ ሓዘናት …
ጸሓይ ኣብ ምዕራቡ ክጽልምት ክጅምር
ዮሴፍ ኒቆዲሞስ ክልቲኦም ብሓባር
ንወደይ ክቕብሩ ኣብ ሓድሽ መቓብር
ሽዕኡ በኸኹ ልቢ ብዝመትር
ሓሙስቱ ሓዘናት …
ብኺዳንኪ ድንግል ሎሚ ዘክርና
በቲ ዝተዋህበኪ ኪዳን ካብ ጎይታና
ሓምስቱ ሃዘናት ዘኪርና ነባዕና
ንልምን ኦ ድንግል ብመዝሙር ምስጋና

## ፈጺሞ ሕገ

ፈጺሞ ሕገ (2) በዮርዳኖስ ተጠምቀ
ፈጺሞ ሕገ ወአስተርአየ ገሃደ (2)

ንው ንተሓጎስ “” ኩላትና ሓቢርና “”
ኣብ ዮርዳኖስ ተጠምቀ “” መድሓኒ ጎይታና “”
መጽሓፍ ዕዳ ኣዳም “” ንኽድምስሰልና “”
ፍጥረታት ናይ ዓለም “” ንዓልል ኩላትና
ፈጺሞ ሕገ …

ኣብ ዮርዳኖስ ተጠምቀ “” ማያት ንምቕዳስ “”
ኣዳማዊ ሓጢኣት “” ፍጹም ንምድምሳስ “”
ትንቢት ንምፍጻም “” ናይ ነቢይ ሚልክያስ “”
መድሓኒ ናይ ዓለም “” ጎይታና ኢየሱስ
ፈጺሞ ሕገ …

ኣብ ዮርዳኖስ ተጋህደ “” ምስጢር ሰለስትነት “”
እግዚኣብሔር ኣብ መስከረ “” ካብ ልዑል ሰማያት “”
መንፈስ ቅዱስ ወረደ “” ብኣምሳል ርግቢት “”
ክርስቶስ’ውን ተራእየ “” ብቑመት ደቂ ሰብ
ፈጺሞ ሕገ …

ኣብ ዮርዳኖስ ተጠምቀ “” ኣርኣያ ንምኳን “”
ንሕና’ውን ኬድና “” ክንጥመቕ ናብ ካህን “”
ናይ ሥላሴ ውሉድ “” ምእንቲ ክንከውን “”
ኣስማትና ክጸሓፍ “” ኣብ መጽሓፈ ብርሃን
ፈጺሞ ሕገ …





## ናይ ምስግንኡ ቃል

ናይ ምስጋንኡ ቃል ካብኡ ይመጽእ
ናይ ውዳሴ ምንጪ ካብኡ ይወጽእ (2)
ኩሉን ብእኡን ካብኡን ንዕኡን
ኣሜን ስብሐት ይኹኖ ብውዳሴኡ (2)
ኣምላከ ቅዱሳን ኣሎ ምሳና እቲ ዝሃበና ናይ ጥበቡ ዜና
ምስጋንኡ ነቕርብ ካብ ውሽጢ ልብና
መንክር ሓያል ኣምላኽ እዩ ትጉህ ጓሳና
ናይ ምስጋንኡ …

ኩሉ ዝመልኽ ብባህርዩ ኣይርከብን ፍጹም ከምኡ
በረኸት ሂቡና ምሉእ ጸጋኡ
ክብሪ ንዘልዓለም ነቕርብ ንዕኡ
ናይ ምስጋንኡ …

ናብ ጽርሃ ኣርያም ንዑ ገስግሱ
ሃሌ ሉያ ንበል ኣብ ቅዱስ መቕደሱ
ኣብ ጠፈር ስልጣኑ ንሱ ነጊሱ
ጎይታ ኪህበና ምሉእ ሞገሱ
ናይ ምስጋንኡ …

ናብ ጽርሃ ኣርያም ንዑ ገስግሱ
ሃሌ ሉያ ንበል ኣብ ቅዱስ መቕደሱ
ኣብ ጠፈር ስልጣኑ ንሱ ነጊሱ
ጎይታ ኪህበና ምሉእ ሞገሱ
ናይ ምስጋንኡ ቃል …

## 369 ኣነ'ውን ክውድስ ብምስጋና

ኣነ'ውን ክውድስ ብምስጋና ንድንግል ማርያም ብምስጋና
ምስጋና'ሎኒ ገና (2) ንድንግል ምስጋና (2)
ምልእተ ጸጋ ጸዋሪት መለኮት
ወላዲት ኣምላክ መልዕልተ መላእክት
ኣምላኽ'ዩ'ኮ ተገሊጹ መሲሕ
ልዕሊ ኣእምሮ ኮይኑ ድንቂ ስራሕ
ዘደንቕ ስራሕ ዘደንቕ ኣምላኽና ሰብ ኮነ
ዘደንቕ ስራሕ ዘይውሰን ፍጹም ተወሰነ
ዘደንቕ ስራሕ ካብ ድንግል ተረኽበ ልደቱ
ዘደንቕ ስራሕ ፈጣሪ ኮነ ከም ባሮቱ
ኣነ'ውን ክውድስ …
ዕጹብ ግሩም'ዩ እቲ ናትኪ ውህበት
ኣደን ድንግልን ብዘይ ነውሪ ሓጢኣት
ኣነስ ክምሰጥ ሕሊናይ ሰቒለ ንምስጋናኺ ፍጹም ተላዒለ
ምስጋና ኣሎኒ ፈልፋሊ ከም ዓይኒ ማይ
ምስጋና ኣሎኒ ፍቕር'ኺ ዘሕደረለይ
ምስጋና ኣሎኒ ኣብ እዝኒ ኣህዛብ ዝበጽሕ
ምስጋና ኣሎኒ በረኸተይ ዘብዝሕ
ኣነ'ውን ክውድስ …
ካበይ ኮነለይ ዜናኺ ክነግር
ቅድስናኺ ብኣፈይ ክምስክር
ግንከ ኣይክእሎን በየናይ ልሳነይ
ንውዳሴኺ ይሓጽረኒ ቃለይ
ኣንሰ ጽሒፈ ለውዳሴኪ እም ኢኀልቀ
ሶበ ኮነ ጥቀ ዝናመ ክረምት ቀለመ ወሰማይ ረቀ (2)

ኣነ'ውን ክውድስ …



## 370 ንዒ ናባይ

ንዒ ናባይ ንዒ ናባይ ኣደ ጎይታይ ንዒ ናባይ (2)
ምስ ፍቁር ወድኺ ንዒ ናባይ
ምስ መድኃኔ ዓለም “”
ምስ ኣዳም ምስ ሄዋን “”
ካብ ሰባት ቀዳሞት “”
ክትባርኽኒ ንዒ ናባይ
ንዒ ናባይ …
ምስ መልኣከ ምሕረት ንዒ ናባይ
ቅዱስ ሚካኤል “”
ምስ መልኣከ ብስራት “”
ቅዱስ ገብርኤል “”
ክትባርኽኒ ንዒ ናባይ
ንዒ ናባይ …
ምስ ኣቦና ኣብርሃም ንዒ ናባይ
ምስ ይስሓቅ ያዕቆብ “”
ብሰናይ ተግባሮም “”
ዘስመሩ ኣምላኾም “”
ክትባርኽኒ ንዒ ናባይ
ንዒ ናባይ …
ምስ ኤፍሬም ሶርያዊ ንዒ ናባይ
ምስ ኣባ ህርያቆስ “”
ብውዳሴን ቅዳሴን “”
ዝሃንጹ ብመንፈስ “”
ክንትባርኽኒ ንዒ ናባይ
ንዒ ናባይ …
ምስ ዘይጠቐስክዎም ንዒ ናባይ
ቅዱሳን ኩላቶም “”
ብዓንዲ ደመና “”
ሓቢርኪ ምስኣቶም “”
ክትባርኽኒ ንዒ ናባይ
ንዒ ናባይ …

## 371 ነዓ ነዓ ቅዱስ ገብርኤል

ነዓ ነዓ ቅዱስ ገብርኤል ነዓ ነዓ (2)

ብኣማላድነትካ ርድኣና (2)

ሰማያዊ ብስራታዊ መልኣኽ ገብርኤል

ዝመጻእካ ከተብስራ ንድግል

ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ኣብ ኢዮር

ከተማልደና ምስ እግዚኣብሔር

ነዓ ነዓ …

ይሰማዕ ድምጽኻ ንረድኤት ንምሕረት

ለምነልና ቅዱስ ገብርኤል ሊቀ መላእክት

ባዕልኻ ምርሓና ብህይወት

ክንጸንዕ ከማኻ ብእምነት

ነዓ ነዓ …

ተልእኾኻ ንኣናንያ ኣዛርያ

ንሚሳኤል ከተውጽኦም ካብ መጋርያ

ዘድሓንካዮም ካብ ነበልባል

ኣቦ ኹልና ቅዱስ ገብርኤል

ነዓ ነዓ …

ገብርኤል ስምካ ግሩም ዘለዎ ምስጢር

ርድኣና ንደቂ ሰባት ዕዮ እግዚኣብሔር

ሎሚ'ውን ገብርኤል ከም ቀደምካ

ምሕረት ለምነልና ካብ ኣምላኽካ

ነዓ ነዓ …



## 372 ኣቦና ቅዱስ ኣረጋዊ

ኣቦና ቅዱስ ኣረጋዊ ዓለም ዝመነንካ ባሕታዊ (2)

ኣምሳል ኤልያስ (3) ገዳማዊ (2)

ኣቦ ናይ እምነት ተጋዳሊ

ኣኽሊል ተዓዲልካ እቲ ዘይበሊ

ረዳኢ ዘኽታማት ትጉህ መምህር

ፍጹም ዝቐደሶ እግዚኣብሔር

ኣቦና ቅዱስ …

ደብርኻ ትንገር እቲ ገድልኻ

ዕጹብ መንክር'ዩ ትሕትናኻ

ገብርሄር በዓል ብዙሕ መኽሊት

ኖላዊ ትጉህ ፍጡነ ረድኤት

ኣቦና ቅዱስ …

ሕሙማት ይሓውዩ ዕዉራት ይርእዩ

ብልማኖኻ ፍጹም ዝኣመኑ

ለምጻማት ይነጽሁ ጸማማት ይሰምዑ

ዘሚካኤል ይብሉ ኩሎም ይምሕጸኑ

ኣቦና ቅዱስ …

ኣቡነ ኣረጋዊ ረዳኢ ነፍስና

ኣብ ዘለና ኣሊና ርድኣና

ስለቲ ምሕረት ድሕነት ህዝብኻ

ካብ ልዑል ፈጣሪ ለምነልና ኢኻ

ኣቦና ቅዱስ …

## 373 <u>በሠረገላ</u>

ብጽሒ በሠረገላ (2)
<u>ከመ ታኅድርኒ</u> (2) በብሔር ዘተድላ (2)

ማርያም ድንግል በሠረገላ ተስፋኡ ንኣዳም “”
ለውሃቱ ንኣቤል “” ታቦት ጽድቂ ናይ ኖህ “”
መኣዛ ናይ ይስሓቅ “” ስዋስው ናይ ያዕቆብ “”
<u>ከመ ታኅድርኒ</u> (2) በብሔር ዘተድላ (2)

ማርያም ድንግል በሠረገላ ናዛዚት ናይ ዮሴፍ “”
ጽላት ሕጊ ሙሴ “” በትሪ ናይ ኣሮን “”
ጸምሪ ናይ ጌዴዎን “” መሰንቆ ናይ ዳዊት “”
<u>ከመ ታኅድርኒ</u> (2) በብሔር ዘተድላ (2)

ማርያም ድንግል በሠረገላ ኣኽሊል ናይ ሰሎሞን “”
መሶብ ወርቂ ኤልያስ “” ቀርኒ ናይ ሳሙኤል “”
ዕጹው ማዕጾ ምብራቕ “” ናይ ነቢይ ሕዝቅኤል “”
<u>ከመ ታኅድርኒ</u> (2) በብሔር ዘተድላ (2)

ማርያም ድንግል በሠረገላ ኋል ኢያቄም ሃና “”
ጸናጽል ናይ ኣሮን “” ናይ ዘካርያስ ሓጎስ “”
ንጽህቲ ኣዳራሽ “” ናይ ነቢይ ሚልክያስ “”
<u>ከመ ታኅድርኒ</u> (2) በብሔር ዘተድላ (2)

ማርያም ድንግል በሠረገላ ዕንጸይቲ ናይ ህይወት “”
ናይ ሲዶንዲስ ጠቢብ “” ፈዋሲት ኣቐሳሉ “”
ንነቢይ ናሆም “” ምግባሩ ንሂኖክ “”
<u>ከመ ታኅድርኒ</u> (2) በብሔር ዘተድላ (2)

ማርያም ድንግል በሠረገላ ምስ ፍቁር ወድኺ “”
ኣብ መርዓ ዶኬማስ “” ከም ዝተረኸብኪ “”
ሎሚ’ውን ንዒ “” መርዓና ባርኺ “”
<u>ከመ ታኅድርኒ</u> (2) በብሔር ዘተድላ (2)

ብጽሒ በሠረገላ (2)
<u>ከመ ታኅድርኒ</u> (2) በብሔር ዘተድላ (2)



## 374 <u>ንዘምረላ</u>

ንዘምረላ ሎሚ ንጽዮን ኣዴና (2)

ጽዮን’ያ ጸግዕና ኢልና እንተኣሚና

ጽባሕ ኣብ ሰማያት ምስ ቅዱሳን ኢና ሃሌ ሉያ (2)

መሰረታ ካብ ቅዱሳን ኣኽራን

ጽዮን ጽዮን ንበል ኩልና ምእመናን

መመክሒትና’ያ ኣዴና ማርያም ሃሌ ሉያ

ሓርዩዋ’ዩ መሕደሪት ኽትኮኖ (2)

ንሱ ዝሓረዮ መን’ዩ ዝቃወሞ

ንሱ ንዘኽበሮስ መን’ዩ’ኸ ዘሕስሮ ሃሌ ሉያ (2)

ዝጸልኡኺ ኩሎም ይኹነኑ (2)

ልቢ ኣምላኽ ዳዊት ኢሉ ኣብ መዝሙሩ

የድሕነና ካብ’ዝስ ማርያም ማርያም በሉ ሃሌ ሉያ (2)

## 375 ተማህጸነ ብኪ/ንምሕጸን ብኣኺ

ንምሕጸን ብኣኺ ንምሕጸን ብኣኺ ብቓል ኪዳንኪ ንምሕጸን ብኣኺ (2)
ተማህጸነ ብኪ ተማህጸነ ብኪ በኪዳንኪ ተማህጸነ ብኪ (2)

ናይ ትንቢት ፍጻሜ ተማህጸነ ብኪ
ቤተ መቕደስ ክብሪ ተማህጸነ ብኪ
ስጋኺ ዝኾነ ናይ ኣምላኽ መሕደሪ ተማህጸነ ብኪ
ተማህጸነ ብኪ ተማህጸነ ብኪ በኪዳንኪ ተማህጸነ ብኪ (2)

ናይ ኣዳም ሓጢኣት ተማህጸነ ብኪ
ፍጹም ዘይለግበኪ ተማህጸነ ብኪ
ንጽህተ ሕሊና ውዳሴ ንዓኺ ተማህጸነ ብኪ
ተማህጸነ ብኪ ተማህጸነ ብኪ በኪዳንኪ ተማህጸነ ብኪ (2)

ካብ ኩለን ኣንስቲ ተማህጸነ ብኪ
ዝተባረኽኪ ኢኺ ተማህጸነ ብኪ
ብምባል ገለጾ ገብርኤል ክብርኺ ተማህጸነ ብኪ
ተማህጸነ ብኪ ተማህጸነ ብኪ በኪዳንኪ ተማህጸነ ብኪ (2)

ኤልሳቤጥ’ውን በለት ተማህጸነ ብኪ
ኣደ ጎይታይ ኢኺ ተማህጸነ ብኪ
ብመንፈስ ፈሊጣ ንኣምላኽ ምጽዋርኪ ተማህጸነ ብኪ
ተማህጸነ ብኪ ተማህጸነ ብኪ በኪዳንኪ ተማህጸነ ብኪ (2)

ከምቲ ንዶኬማስ ተማህጸነ ብኪ
ማልድለይ ኢኺ ተማህጸነ ብኪ



ንጎደሎይ ምልኢ ባርኽኒ ኢኺ ተማህጸነ ብኪ
ተማህጸነ ብኪ ተማህጸነ ብኪ በኪዳንኪ ተማህጸነ ብኪ (2)

ወድኺ ጸባኦት ተማህጸነ ብኪ
ንዓኺ ሂቡና ተማህጸነ ብኪ
ብኢደ ዮሃንስ ኣደ ክትኮንና ተማህጸነ ብኪ
ተማህጸነ ብኪ ተማህጸነ ብኪ በኪዳንኪ ተማህጸነ ብኪ (2)

ኣነስ ብኺዳንኪ ተማህጸነ ብኪ
እምሕጸን ናባኺ ተማህጸነ ብኪ
ኣብ ግዜ ጸበባይ ረድኤረይ ኢኺ ተማህጸነ ብኪ
ተማህጸነ ብኪ ተማህጸነ ብኪ በኪዳንኪ ተማህጸነ ብኪ (2)

ስምኪ ዝጸውዑ ተማህጸነ ብኪ
ካብ ፍጥረታት ኩሎም ተማህጸነ ብኪ
ብኺዳንኪ ምሕረት ይቕበሉ ተማህጸነ ብኪ
ተማህጸነ ብኪ ተማህጸነ ብኪ በኪዳንኪ ተማህጸነ ብኪ (2)

ብኺዳንኪ ድንግል ተማህጸነ ብኪ
ነማሕጽን ኣሎና ተማህጸነ ብኪ
ንሃገር ኤርትራ ስላምኪ ኣውርድላ ተማህጸነ ብኪ
ተማህጸነ ብኪ ተማህጸነ ብኪ በኪዳንኪ ተማህጸነ ብኪ (2)

## 376 ሚካኤል ምስካየ ሕዙናን ረዳኤ ምንዱብን

ሚካኤል ሚካኤል ምስካየ ሕዙናን ረዳኤ ምንዱባን (2)
የፈ ኣርያም ሓያል ዘሰማያዊ
ቀለምጺጽ ነደ እሳት ነበልባልዊ
ኣጽራረይ ኣህድኣለይ ካባይ ይርሓቁ
ጥንቲ ከምዘውደቕካዮም ዳግም ይውደቑ
ሚካኤል ሚካኤል . . .
ሰይፈ ነበልባል ጠሊ ምሕረት ትሑዝ ኣብ ኢዱ
ንህዝቡ ዝመርሐ ብርሃን ኣውሪዱ
ጸላእቲ ሰናይ ተሳዒሮም ታሕቲ ዝኸዱ
ብዘይ ሚካኤል መን ኣውረዶም ብሓዊ ኣንዲዱ
ሚካኤል ሚካኤል . . .
ንቅድስቲ ሶስና ካብ ኢድ ረበናት
ንቅዱስ ባህራን ካብ ደብዳቤ ሞት
ኣፍ ኣናብስቲ ዝዓጸወሉ ንዳንኤል
መልኣከ ምሕረት መልኣከ ሳህል ቅዱስ ሚካኤል
ሚካኤል ሚካኤል . . .
ተንስእ ቅዱስ ሚካኤል ዳግም ርድኣና
እቲ ዝተሳዕረ ዝነገሶ ዘመን ኣቲና
ኣብቲ ዳሕረዋይ መለኸትካ ክትዝክረና
ብጸሎት ረዲኤትካ ንእመን ኣሎና

ሚካኤል ሚካኤል ምስካየ ሕዙናን ረዳኤ ምንዱባን



## 377 ኣምላኽ ኣቦታትና እግዚኣብሔር

ኣምላኽ ኣቦታትና እግዚኣብሔር ስሙ ይመስገን
ኣምላኽ ኣቦታትና ኣይሓድገናን ስሙ ይመስገን (2)
ከምታ ትናወጽ መርከብ ኣይኮናን
የሕሊፉ ዝህብ'ውን ኣምላኽ የብልናን
ብቕድሚት ድሕሪት እናተሓለና
ክንዝምር ኢና ጌና ጌና ኣለና ጌና
ንውዲት ሰይጣን እናሰዓርና
ንኽብሪ ስሙ ደው ኢልና ኣለና
ምሳና ኸላ ሓያል ቅልጽሙ
ከልካሊ መን'ዩ ከይጽዋዕ ስሙ
ኣምላኽ ኣቦታትና . . .
ድኻታት ክንመስል ዘይቁጸር ሃብትና
ጥሙያት ክንመስል ድማ ብኡ ዝጸገብና
ዕሩቓት ክንመስል ብኣምላኽ ዝሞቕና
ሕዙናት ክንመስል ድማ ካዕበት ዝሓጎስና
ብጥሜት ጽምኢ ብብዙሕ ስደት እንተተበትንና ኣብ ልዕሊ መሬት
እቲ ጓሳና መዓስ ይታኸስ ንዘንቲ ዕለት ስሙ ይቀደስ
ኣምላኽ ኣቦታትና . . .
ረብሻ ጸላእቲ እንተበርዐ
ክሕደት ዓለውቲ ድማ እንተተሰምዐ
ኣብ ጽኑዕ ከውሒ ካብ ተሰርትና
ናይ መን ሓይሊ ደኣ'ዩ ዘናውጸና
ካብ ኣጽለለልና የማናይ ኢዱ ካብ ኣውረሰና ሰማያት ዓዱ
ናይ ምንታይ ምርኮ ናይ ምንታይ ስቕታ
ንሓያል ጎይታ ይኹን ዕልልታ
ኣምላኽ ኣቦታትና . . .
ከምቲ ዝብለና ብቕዱስ ቃሉ ሰረገላ ሓዊ ድማ ብዙርያና ኹሉ
ንድንግል ኣብ ማእከል ንሚካኤል ቅድሚት
እናተኸበብና ድማ ብኣእላፍ መላእክት
ከናባጽሓ ክሳዕ ጻት ዓለም ተዋህዶ እምነትና ትንበር ዘልዓለም
መከራ ስቃይ ተወዲኡላ ጸሓይ ምስጋና ኣብሪቑላ
ኣምላኽ ኣቦታትና . . .

## ኣምላኽ ዝሓረዮ ካብ ኣእላፍ መላእክት

ኣምላኽ ዝሓረዮ ካብ ኣእላፍ መላክት
ኣኽሊል ናይ ቅዱሳን መዕረፊ ጸሎት
ኣድሕነና ነዓ ካብቲ ጸልማት ሲኦል
<u>ሰዳዲ ሳጥናኤል ቅዱስ ሚካኤል</u> (2)

ቅዱስ ሚካኤል ንህዝቢ እስራኤል
“” ካብ ጭንቕን መከራን
“” ካብ ግብጺ መራሕካ
“” ካብ ባርነት ፈርኦን

ብባሕሪ ኤርትራ ኣስገርካ ናብ ከነኣን
ንዓና'ውን ኣድሕን ካብ ውዲት ናይ ሰይጣን ቅዱስ ሚካኤል

ቅዱስ ሚካኤል ልማድካ ምሕረት'ዩ
“” ምሕረት ለምነልና
“” ብእምነት ክንጸንዕ
“” ኣብ ግዜ ፈተና

ከም ሰለስቱ ደቂቅ ከም ቅድስት ሶስና
ካብ ውዲት ናይ ሰይጣን ጎይታ ከድሕነና ቅዱስ ሚካኤል

ቅዱስ ሚካኤል ንጽሑፍ ናይ ባህራን
“” ናብ ጥፍኣት ዝመርሕ
“” ናብ ሓጎስ ለወጥካ
“” ካብ ክፉእ ሞት መፍርሕ

ናትና'ውን ለውጦ ንሓጢኣትና ብዙሕ
ኣብ ብርሃን ክንነብር ኣብ ቤት ጎይታ ስፉሕ ቅዱስ ሚካኤል

ቅዱስ ሚካኤል ካብ'ቲ መዓሙቕ ጉድጓድ
“” ንነቢይ ዳንኤል
“” ብፍጹም ኣድሓንካ
“” ካብ ኣፍ ናይ ኣናብስት

ንዓና'ውን ኣድሕን ካብ ርጉም ዲያብሎስ
ብሓባር ክንነብር ምስ ጎይታ ኢየሱስ ቅዱስ ሚካኤል



ቅዱስ ሚካኤል ንልምን ኣሎና
“” ኣብቲ ቅዱስ ቤትካ
“” ንብዓትና ይውሕዝ
“” ኣብ ቅድሚ ስእልኻ

ሓንሳብ'ባ ነዓ ተስፉ ድሕነት ሒዝካ
ካብ ልዑል ፈጣሪ ካብ ልዑል ኣምላኽካ ቅዱስ ሚካኤል

ቅዱስ ሚካኤል ለምነልና ኢኻ
“” ኣብቲ ግዜ ምጽኣት
“” መታን ከይንሓፍር
“” ብግብሪ ሓጢኣት

ይቕረ እንክብለልና እቲ ጎይታ ሰራዊት
ብሓጎስ ክንኣቱ መንግስተ ሰማያት ቅዱስ ሚካኤል

ኣምላኽ ዝሓረዮ ካብ ኣእላፍ መላእክት
ኣኽሊል ናይ ቅዱሳን መዕረፊ ጸሎት
ኣድሕነና ነዓ ካብቲ ጸልማት ሲኦል
<u>ሰዳዲ ሳጥናኤል ቅዱስ ሚካኤል</u> (2)

379 <u>ናባኻ መጻእኩ ይቕረ ክትብለለይ</u>

ናባኻ መጻእኩ ይቕረ ክትብለለይ
ስምካ እናጸዋዕኩ በቲ ርኹስ ኣፈይ
እነኹ እቐውም ሎሚ ኣብ ቅድሜኻ
ይቕረ ክትብለለይ ብብዝሒ ምሕረትካ (2)

ዘረባ ወለደይ እቲ ጽቡቕ ምኽሮም
ንኹሉ ነጸግኩ ክፍለ ካብኣቶም
ግቡኣይ'ውን ሒዘ ወጻእኩ ካብ ቤቶም
ቀልጢፈ ኣተኹ ናብ ሓጢኣት ዓለም
ናባኻ መጻእኩ . . .

ብዘብለጭልጭ ነገር ኩሉ ተሰሓብኩ
ንኹሉ ገንዘበይ ክዘሩ ጀመርኩ
ናብ ግብሪ ሓጢኣት ገንዘበይ ወዳኣኩ
ዝገብሮ ስኢነ ብዙሕ'ውን ነባዕኩ
ናባኻ መጻእኩ . . .

ዘዝረኣዩኒ ኩሎም'ውን በሉኒ
እንተ ቐረብኩዎም ኩሎም ረሓቑኒ
ብምሒር ዓጸቦ ዓቕለይ ጸበበኒ
ክደሊ ጀመርኩ ዕሱብ ዝቆጽረኒ
ናባኻ መጻእኩ . . .

ድሒር ነዊሕ ድኻም ድሕሪ ነዊሕ ኮለል
ዕሱብ ተቆጺርኩ ከም ባርያ ከገልግል
ምጥዓም ሰኣነኒ ብግፍዒ ብበደል
ዝበልዖ ሰኣንኩ ንኽብደይ ዘዐንግል
ናባኻ መጻእኩ . . .



ብሓዘንን ጣዕሳን ተመለስኩ ቤተይ
ጎዩ ሰዓመኒ እቲ ርህሩህ ኣቦይ
ኣነ'ውን በልክዎ ወድኻ ክስመ
ኣይበቅዕን'የ ኣነ እንትርፎ ኣገልጋላይ
ናባኻ መጻእኩ . . .

ኣቦይ'ውን በለኒ ብጥዑማት ቃላት
ኬድካ'ውን ነበርካ ሓወኻ'ውን ካብ ሞት
ጠፊእካ ነበርካ ደሓንካ ካብ ጥፍኣት
እቶ ጥራይ ወደይ ብሓጎስ ብትብዓት
ናባኻ መጻእኩ . . .

ዕልል ዕልል ኢሎም መግለጺ ናይ ሓጎስ
ኣብ ማእከል ኣቶኹ ምስ ዕዱማት ናብ ዳስ
ደጊሞም ዓለሉ ከደኑኒ ኣልባስ
ምስኦም ተጸምበርኩ ምስ ስድራ ክርስቶስ

ናባኻ መጻእኩ ይቕረ ክትብለለይ
ስምካ እናጸዋዕኩ በቲ ርኹስ ኣፈይ
እነኹ እቐውም ሎሚ ኣብ ቅድሜኻ
ይቕረ ክትብለለይ ብብዝሒ ምሕረትካ (2)

## 380 ንሱን ለውሃቱን

ንሱን ለውሃቱን ዝኣምላኸና ክንደይ ይጥዕም
ፍቅሩ ኣብ ህይወትና ይዓዪ’ሎ
ከም ዝናም ሰማይ የንጀርብበና’ሎ (2)
ኣህዛብ ብጭንቀት ይናወጹ
ፍትሒ ስኢኖም ይራገጹ
ብጥበብ ዓለም ዘይግለጽ ምስጢር
ንዓና ግና ገሊጹልና ይነብር (2)
ንሱን ለውሃቱን . . .
ሓሚምና ተስፋ ኣይቆረጽናን
ሓዚንና ጽንዓት ኣይሰኣንናን
ኣብ ዕለት ዕለት ዝሕልወና
ለዋህ መድሓኒ ክርስቶስ ኣሎና (2)
ንሱን ለውሃቱን . . .
ክብሪ ሰማያት ባና ገነት
ነጸብራቕ ምድሓን ቦታ ህይወት
ስፍራ ቅዱሳን ዘልኣለማዊ
ቃል ኣትዩልና’ዩ ክህበና ኣምላኽ (2)
ንሱን ለውሃቱን . . .
ሓሚምና ተስፋ ኣይቆረጽናን
ሓዚንና ጽንዓት ኣይሰኣንናን
ኣብ ዕለት ዕለት ዝሕልወና
ለዋህ መድሓኒ ክርስቶስ ኣሎና (2)

ንሱን ለውሃቱን ዝኣምላኸና ክንደይ ይጥዕም
ፍቅሩ ኣብ ህይወትና ይዓዪ’ሎ
ከም ዝናም ሰማይ የንጀርብበና’ሎ (2)



## 381 በሠረገላ ወበረዲኣት ነዓ ነዓ

በሠረገላ ወበረዲኣት ነዓ ነዓ
ቅዱስ ሚካኤል ነዓ ምስለ ገብርኤል መዋዔ መስቴማ
ቅዱስ ሚካኤል ነዓ ምስለ ሩፋኤል ነዓ በግርማ (2)
ነበልባላዊ ጸዋሬ እሳት መንበር
ቅዱስ ሚካኤል መክብበ መላእክት
በክቡር መስቀል ከመ ትባርክ ዮም
ለማህበርነ ደብረ ሰላም (ሳህል) ቅድስት
በሠረገላ ምሕረት በሠረገላ
ምስለ ማርያም ድንግል ርግበ ገሊላ
ነዓ ማእከሌነ ቁም ኦ ላእከ ተድላ
በሠረገላ . . .
ልዑለ መንበር ኦ ኖላዊነ ትጉህ ዘበረዲኣት ሞገሰ ምንዱባን
ከመ ኣድሃንኮ ለዳንኤል ነቢይ ምስለ ሶስና እመ ቅዱሳን
በብትረ መንፈስ ቅዱስ በትረ ዳሃና ለዘድኩማን ኣሃው ዘበጽሙና
ዕቀበነ በሰላም ወበጥዒና
በሠረገላ . . .
ጸሓየ ራማ ብርሃኖሙ ለጻድቃን
ህብስተ ተድላ ዘእስራኤል መና
በትንባሌከ እስመ ሃነጽከ ደብረ
ማህደረ ስብሀት ቤተ ቅዱስና
ከመ ቅዱሳን ኣበው ዘእስክንድርያ
ኣግብርተ ሥሉስ ቅዱስ ወኣፎምያ
ለስምከ ንዌድስ በሃሌ ሉያ

በሠረገላ ወበረዲኣት ነዓ ነዓ
ቅዱስ ሚካኤል ነዓ ምስለ ገብርኤል መዋዔ መስቴማ
ቅዱስ ሚካኤል ነዓ ምስለ ሩፋኤል ነዓ በግርማ (2)

## 382 ቅዱሳን ኣቦታት

ቅዱሳን ኣቦታት ብዙሕ'ዩ ክብሮም
ብጽኑዕ ሃይማኖት ንኣምላኽ ኣስሚሮም
ንብዙሕ ጸበባ ብእምነት ሰጊሮም
ንብርቱዕ ጸበባ ብእምነት ሰጊሮም

ናይ ሃይማኖት ኣቦ ኣብርሃም ኣቦና
ከይተወላወለ ብፍጹም ሕሊና
ነቲ ሓደ ወዱ ንሞት ዝወፈዮ
ንሃይማኖት ተስፋ ስንቂ ብምግባር'ዩ (2)

ቅዱሳን ኣቦታት . . .

ኣብ መዋዕል ፈርዖን ሙሴ ምስ ተወልደ
ብምድራዊ ክብሪ ርእሱ ከየልመደ
ናይ ዓመጻ ሓጎስ ብእምነት ንዒቁ
ምስ ህዝቡ መከራ ክቕበል መሪጹ (2)

ቅዱሳን ኣቦታት . . .

ሓዋርያ ኣቦና ቅዱስ ጳውሎስ
ስለ ዝሰዓበ ኣሰር ክርስቶስ
ናይ ሃይማኖት ጉያ ብዓወት ፈጺሙ
ሰማያዊ ኣኽሊል ካብ ኣምላኽ ዓቲሩ (2)

ቅዱሳን ኣቦታት . . .

ንሃይማኖት ተስፋ ስንቂ ብምግባሮም
ኣብ ቦታ ኣባጊዕ ዲኖ ተኸዲኖም
ዓለም ንዓታቶም ዘይትበቅዕ ኮይና
ኣብ ኣኽራን ሰፊሮም ኣብ ጽድቂ ጎደና (2)

ቅዱሳን ኣቦታት . . .

ምእመናን ኩላትና ዘለና ኣብ እምነት
ከምቶም ዝሓለፉ ቅዱሳን ኣቦታት
ጽንዓቶም ዘኪርና ዘሕለፍዎ ህይወት
ኣብ ኣሰሮም ንንበር ብጽኑዕ ሃይማኖት (2)

ቅዱሳን ኣቦታት ብዙሕ'ዩ ክብሮም . . .



## 383 ኣነስ ብምግባረይ

ኣነስ ብምግባረይ ድኹም ኮይነ ኢየ (2)
ሕዘንለይ ድንግል ናባኺ መጺአ (2)

እቲ ናይ ሓዊ ባሕሪ ብዓይነይ ከይርእዮ
ንቅዱስ ሚካኤል ኣሕልፎ በልዮ (2)

ኣነስ . . .

ናይ ዳዊት መሰንቆ ናይ ኤልያስ መና
ናይ ናሆም መድሃኒት ንዒ ብደመና (2)

ኣነስ . . .

ክደኽመኒ ከሎ ንስኺ ኢኺ ሓይለይ
ናይ ልበይ መጽንዒት ረዳኢት ምርኩሰይ (2)

ኣነስ . . .

እነብዕ ኣለኹ ኣብ ቅድሜኺ ኮይነ
እልምነኪ ድንግል በደለይ ኣሚነ (2)

ኣነስ . . .

ዘይውዳእ ምሕረት ኣብ ወድኺ ኣሎ
ነቲ ዝኣመንኪ ሰላምኪ ሃብዮ (2)

ኣነስ . . .

384 **<u>ከም ብዝሒ በደለይ</u>**

ከም ብዝሒ በደለይ እንተ ኮይኑ ቕጽዓተይ
ኣይውዳእን ኢዩ ተዘርዚሩ ሓጢኣተይ (2)
ኣይውዳእን ኢዩ ተነጊሩ ሓጢኣተይ
ክምለስ እንዳበልኩ እብል ሎሚ ጽባሕ (2)
ዘመነይ ወዲኤ ብዘይ ገለ ስራሕ
ከም ብዝሒ . . .

እንታይ ክምልስ ኢየ ዝጽውዓሉ ዕለት (2)
ኣይሰርሕን ኢዩ ሽዑ ኣውያት ንብዓት
ከም ብዝሒ . . .

መሓሪ ኢኻ'ሞ ንዝበደሉኻ
ይቕረ በሃሊ ኢኻ እንተለመኑኻ
ይቕረ በለኒ'ሞ ክረክብ ጸጋኻ
ከም ብዝሒ . . .

ዓመጸኛ ልበይ ድሕሪት ከይመልሰኒ
ብመላእኽትኻ ኀይታይ ሓልወኒ
ኣብ ዳግማይ ምጻኣትካ ኀይታይ ዘክረኒ
ከም ብዝሒ . . .